# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.267 | ሓሙስ 9 ሓምለ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ትምህርትን ቁጠባዊ ዕብየትን




ገጽ 4




ካብ ካርታ ናብ ጽልዋ ጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጣ ኤርትራ...

ገጽ 5
ዛንታ ፓሽሊዳ



ገጽ 11
ዙር ፈረንሳ - ቢንያም ሻዱሻይ ኣትዩ





# ግዳያት ፌስቱላ ንምሕጋዝ ብዝተወደበ መንገዲ ክሰራሕ፡ ሰብ ሞያ ጥዕና ኣዘኻኺሮም

ኣብ መንደፈራ ኣብ ዝተደኰነ ማእከል ተሃድሶን ሕውየትን ፈስቱላ ንዝተዓቕባ ግዳያት ዝግበር ምብጻሕን ምትብባዕን ኣብ ኩሉንትናዊ ሕውየተን ልዑል ተራ ስለዘለዎ ብዝተወደበ መንገዲ ክድፋኣሉ፡ ሰብ-ሞያ ጥዕና ኣዘኻኺሮም።

ብቦርድ ሃማደኤ ን/ዞባ ደቀምሓረ ተወዲቡ ብ7 ሓምለ ኣብ ዝተኻየደ፡ ንግዳያት ፈስቱላ ናይ ምብጻሕን ሓገዝ ናይ ምብርኻትን መደብ፡ ክኢላ መወልዳን ዶ/ር ኣብርሃም ኣማኒኤል፡ ንጠንቂ፡ ሳዕቤንን ሕልኽላኻትን ፈስቱላ ድሕሪ ምዝርዛር፡ ፍወሳን ሕውየትን ፈስቱላ፡ ኣካላዊ፡ ቁጠባውን ማሕበራውን ሽንኻት ስለዘለዎ፡ ተራ ሕብረተሰብ ክዓዘዘ ከምዝግባእ ኣገንዚቡ።

ሚኒስትሪ ጥዕና ኣብ'ቲ ማእከል ዝህቦ፡ ካብ መጥባሕቲ ክሳብ ኣካዳምያውን ሞያውን ትምህርትን ስልጠናን፡ ነዚ ዕላማ'ዚ ንምስማር ዝዓለመ ከምዝኾነ'ውን ገሊጹ።

ክኢላ ሕክምና ማህጸንን መወልዳንን


ስእሊ ዘርኣይ ብርሃነ

ዶ/ር ሃብተ ሃይለመለኮት ብወገኑ፡ ኣብ ሕብረተሰብና ብሰንኪ ሸለልትነትን ድሩት ንቕሓትን፡ ነፍሰ-ጾራት ብዘይሓገዝ ብዓል ሞያ ኣብ ገዛ ክሓርሳን ግዳያት ዕጉት ሕርሲ ብምዃን ንፈስቱላ ክቃልዓን ከምዝርኣያ ብምሕባር፡ ነዚ ንምውጋድ ግቡእ ክትትል ቅድመ-ሕርሲ ክገብራን ኣብ ትካላት ጥዕና ክሓርሳን ምዒዱ።

ሓላፊት ሃማደኤ ኣብ ን/ዞባ ደቀምሓረ ወ/ሮ ንግስቲ ኣብርሃምን ጸሓፊት ቦርድ ሃማደኤ ኣብ'ቲ ን/ዞባ ወ/ሮ ሳራ ስዩምን ብወገነን፡ ንግዳያት ፈስቱላ ንዝግበር ዘሎ ክንክንን ናብዮትን ብምምስጋን፡ ካብ ህዝብን ሰራሕተኛታት መንግስትን ዝተዋጽአ ኣልባሳት፡ ሃለኽቲ ነገራትን ናውቲ ጽሬትን ዘጠቓልል ዋጋ 100 ሽሕ ናቕፋ ዓይነታዊ ደገፍን 14 ሽሕ ናቕፋን ኣበርኪተን።

ሓላፊ ጨንፈር ጥዕና ዞባ ደቡብ ዶ/ር ኣማኑኤል ምሕረትኣብ ብወገኑ፡ ፈስቱላ ካብ ክትሕክሞ ክትከላኸሎ ከምዝቐልል ብምጥቃስ፡ መሻርኽቲ ኣካላት ኣብ ምብራኽ ንቕሓትን ምውጋድ ሃሳዪ ልምድታትን ብውህደት ክነጥፉ ተላብዩ።



ግዳያት ፈስቱላ ብወገነን፡ ብዘረኽብኦ ዘለዋ ሕክምናዊ ኣገልግሎትን ሞያዊ ምኽርን፡ ኣብ ጥዕናአን ርኡይ ምምሕያሽ ይመጽእ ከምዘሎ ሓቢረን።

ብኻልእ ወገን፡ ኣብ ትካል ሰፊት ወተሃደራዊ ክዳውንቲ ዘሰርሓ ኣባላት፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ንግዳያት ፈስቱላ ብምብጻሕ ዓይነታዊ ሓገዝ ከምዝገበራ፡ ካብ መወከሲ ሆስፒታል መንደፈራ ዝተረኽበ ሓበሬታ የረድእ።

# ደቡብ - ልዕሊ 2 ሚልዮን ፈልስታት ተዳልዩ

ኣብ ዞባ ደቡብ፡ ሎም-ዘበን ክረማት ንዝሰላሰል ናይ ምግራብን ዳግመ-ምግራብን መደባት ንምዕዋት ልዕሊ 2.3 ሚልዮን ፈልስታት ተዳልዩ ከምዘሎ፡ ሓላፊ ዕቃበን ልምዓትን ኣግራብ ኣቶ ዑቕባሚካኤል ሰለሙን ሓቢሩ።

እቲ ኣብ 12 መደበራት ፈልሲ ዝተዳለወ 27 መበቈላዊ ዝርከቦ 50 ዓይነታት ፈልሲ ኣግራብ፡ ብተመሃሮ፡ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል፡ ውልቀ ገረብትን ኮምን ክትከል ምዃኑ ብምግላጽ፡ እቲ ዝበዝሐ ኣብ ቀላጥ ቦታታት፡ ሕዛእትታት፡ ኣብያተ-ትምህርትን ናይ እምነት ቦታታትን ከምዝትከል ኣብሪሁ።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ብውልቀ ገረብትን ኮምን ኣብ ሕዛእታት ዝተተኽለ ፈልስታት ኣግራብ ጽቡቕ ከምዝሰሰነ ዝሓበረ ኣቶ ዑቕባሚካኤል፡ ኣብ'ቲ ዞባ ንቕሓት ሕብረተሰብ ኣብ ዕቃበ ኣግራብ ብምዕባዩ በቲ ሓደ፣ ንዘይሓላፍነታውያን ኣብረስቲ ዘወሃብ መቕጻዕቲ ብምሕያሉ ከኣ በቲ ካልእ፡ ኩነታት ኣግራብ ናብ ንቡር ይምለስ ከምዘሎ ገሊጹ።

ኣብ መወዳእታ፡ ሕዛእትታት ብምስፋሕን ሓደስቲ ኣግራብ ብምትካልን መደባት ዳግመ-ምግራብ ንምዕዋት ከምዝከኣል ብምጥቃስ፡ ብበዓመቱ ዝትከል ፈልስታት ጸዲቑን ዓብዩን ኣብ'ቲ ዝድለ ደረጃ ንኽበጽሕ፡ ብደረጃ ምምሕዳራት ከባቢ ግቡእ ሓለዋን ክንክንን ክግበር ኣዘኻኺሩ።



# ጋሕቴላይ - ሕጽረት ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ንምቕላል ወፈራታት ይካየድ

ኣብ ጋሕቴላይ - ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ፡ ኣብ ኣገልግሎታት ጥዕና፡ ትምህርትን ማይን ዘርኣ ሕጽረት ንምቕላል፡ ብምውህሃድ ህዝብን መንግስትን ዝተኻየደ ጻዕሪ ዝምስገን ውጽኢት ይርከቦ ከምዘሎ ተገሊጹ።

ኣመሓዳሪ ናይ'ታ ሓውሲ ከተማ ኣቶ ዘርእሰናይ ጋይም ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ ኣገልግሎታት ትምህርትን ጥዕናን ተመዝጊቡ ንዘሎ ገስጋስ ብምጥቃስ፡ ጸበብት ክፍልታት ንምፍታሕ ንዝተወሰደ ተበግሶ መጒሱ።

ንቐረብ ማይ ኣመልኪቱ ድማ፡ ካብ 2022 ክሳብ 2025 ምስ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ክፍሊ ሃብቲ ማይ፡ ዓዲ-ሃሎ፡ ዞባን ንኡስ ዞባን ብምውህሃድ፡ 300 ሜትሮ ከቦ እትሕዝ ዓባይ መኽዘን ማይ ከምእተሰርሐትን እኹል ጸሓያዊ ጸዓት ከምእተዋደደላን ብምሕባር፡ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ 80 ሚእታዊት ካብ ስድራቤታት ብዝተዘርግሐ መስመር ይጥቀማ ምህላወን ሓቢሩ።

ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ንዝኣረገ ናይ ሓጺን ሻምብቆታት ማይ ብፕላስቲክ ንምትካእ ወፈራዊ ስራሕ ይዕመም ከምዘሎ ዝሓበረ ሓላፊ ቴክኒክ መንእሰይ እድሪስ ዓሊ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ኣብ ዙርያ ናይ'ታ ሓውሲ-ከተማ ዝዝርጋሕ ዘሎ ሻምብቆታት ማይ፡ 4 መዐደሊ ነቝጣታት ከምዘለዋ ኣረዲኡ።

ተሳተፍቲ ብግዲኦም፡ ተወዲቦም ዘካይድዎ ማእቶታዊ ወፈራታት ኣብ ባይታ ውጽኢት ስለዝተረኽቦ፡ ብዝሓየለ ከምዝቕጽልዎ ኣረጋጊጾም።

ኣብ ቀንዲ መስመር ኣስመራ - ባጽዕ እትርከብ ሓውሲ ከተማ ጋሕቴላይ፡ 668 ስድራቤታት ይነብራኣ።

ዜና

# ተሰነይ - ኣብ ድሕነት መግቢ ዘተኮረ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ



ኣብ ንኡስ ዞባ ተሰነይ፡ ቀረብ ድሕነቱን ንጽህንኡን ዝተሓለወ መግቢ ሰብን እንስሳን ንምርግጋጽ ዝዓለመ ኣስተምህሮ፡ ንሓረስቶት፡ ኣመስራሕቲ ትካላት፡ ወሃብቲ ኣገልግሎትን ኣከፋፈልቲ ኣሕምልትን ፍረታትን ተዋሂቡ።

ክኢላታት ኣብ ዝሃብዎ መግለጺ፡ ዘይውሑስ ኣጠቓቕማ፡ ንጽህና፡ ኣተሓሕዛን ኣተዓቓቕባን መግቢ ኣብ ሱብን እንስሳን ዘውርዶ ጥዕናዊ ሃሰያ ከቢድ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ኣፍልጦን ንቕሓትን ብምብራኽ ንምክልኻሉ ብዕቱብ ክስራሕ ኣዘኻኺሮም።

ሓረስቶትን ኣመስራሕቲ መግብን፡ ኣብ መግቢ-ወለድ ሕማማትን ሳዕቤናቶምን ዘለዎም ርድኢት ብምዕባይን እኹል ምክትታል ብምኽያድን ውሑስ ምህርቲ ንምቕራብ ሓጊዚ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ጸረ-ባልዕ መድሃኒት ብዘይ ኣፍልጦ ክኢላታት ከይጥቀሙ ኣተሓሳሲቦም።

ኣካያዲ ስራሕ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ኣቶ ተስፋዝጊ ዑቕባዝጊ ብወገኑ፡ መግቢ-ወለድ ሕማማት ኣብ ጥዕና ሰባት፡ ቁጠባ ውልቀ ሰባትን ስድራቤታትን ከምኡ'ውን ሕብረተሰብን ሃገርን ዘስዕብዎ ጽልዋ ኣዝዩ ዓቢ ብምዃኑ፡ ንዝተዋህቦም ኣስተምህሮ ኣብ ግብሪ ከውዕሉ ጸዊዑ።

ተሳተፍቲ ብግደኦም፡ እቲ ኣስተምህሮ ኣብ ስርሖም ሓጊዚ ምዃኑ ብምግላጽ፡ እኹል ምክትታል ብምግባር ውሑስ ምህርቲ ንምቕራብ ከምዝጽዕሩ ኣረጋጊጾም።

# ዓረዛ - ንመስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ምቹእ ባይታ ንምፍጣር ይስራሕ

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓረዛ፡ ዝርግሐ ኣብያተ-ትምህርቲ ብምስፋሕ ንመስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ዝምችእ ሃዋህው ንምፍጣርን ውጽኢት ተመሃሮ ንምምሕያሽን ይስራሕ ከምዘሎ፡ ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ገሊጹ።

ብ3 ሓምለ ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ፡ ብደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝተዓመ ንጥፈታት፣ ውጽኢት ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ፣ ከምኡ'ውን ባህላውን ስፖርታውን ንጥፈታት ተገምጊሙ።

ሓላፊ ትምህርቲ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር ተስፋሂወት ወልደገርግሽ ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ ዝርግሐ ትካላት ትምህርቲ ብምስፍሑ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ዓመታት ቁጽሪ ናብ መኣዲ ትምህርቲ ዝቐርቡ ተመሃሮ ብ10 ሚእታዊት ከምዝዓበየ ብምጥቃስ፡ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2025/2026 ብገምጋም ኣብ ኩሉ ደረጃታት ትምህርቲ 86 ሚእታዊት ከምዝሓለፉ ገሊጹ።

ተሳተፍቲ ብግደኦም፡ ጽቡቕ መምሃሪ ክፍልታት ዘለወን ኣብያተ-ትምህርቲ ደርህላሱ፡ ዐብልን ማይ-ድማን ቁላሕታ ክግበረለን፣ ከምኡ'ውን ሕጽረት መሳለጥያታት፡ እርጋን መጽሓፍቲን ሰደቓታትን መፍትሒ ክናደየሉ ኣዘኻኺሮም።

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ደቡብ መምህር ህብትዝጊ ኪዳን ብወገኑ፡ ንተሳትፎ ሕብረተሰብ ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ብምምጓስ፡ መስርሕ ምህሮ ንምውርጻጽ ኣብ ዝግበር ጻዕሪ፡ ተራ ኣብያተ-ትምህርቲ ብፍላይ ከኣ ናይ መምህራን ክሕይል ተማሕጺኑ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ዓረዛ ኣቶ ርእሶም ክፍለማርያም፡ ተመሃሮ ብቑዕ ኣገልግሎት ትምህርቲ ዝረኽቡሉ ባይታ ንምፍጣርን ሕጽረታት ኣብያተ-ትምህርቲ ንምምላእን፡ ብወገን ምምሕዳር ኣድላዪ ምድግጋፍ ከምዝግበር ኣረጋጊጹ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓረዛ፡ ካብ ቅድመ-ትምህርቲ ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ዝተዘርግሓ 113 ትካላት ትምህርቲ ኣለዋ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ነውጺ ፖለቲካ ብልጽግና

ፖለቲካ ሰልፊ ብልጽግና (ሰልፊ ፖተምኪን)፡ ሕጂ'ውን ፋሽን ብዝመስል ቅዱ፡ ከም ፐንዱለም ሰዓት ኣብዘን ዝስዕባ ክልተ ጫፋት እናተላገዐ ምንዋጹ ይቕጽል ኣሎ፥

1. "ልዑላዊ ኣፍደገ ባሕሪ ምርኣብ" ብዝብል ባዕላዊ ኣምር፡ ንልዕሊ ክልተ ዓመት ዝቐጸለ ናይ ወራር ኣመትን ምትኽታኽን፡ ወተሃደራዊ ዓቕሚ ከምዘለካ ናይ ምርኣይ ገልጠምጠምን ብሓደ ወገን፣

2. ንኡብሰኻ ከም ዝተወጽዐ ግዳይ ውሽጣውን ግዳማውን ውዲታት ኣምሲልካ ምቕራብ፡ በቲ ካልእ ወገን።

ኣብዚ ሳልስቲ፡ ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ ቤት ምኽሪ ወከልቲ ህዝቢ፡ ህወተታ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ብልጽግና ደጊሙ ኣብዚ ዓውዲ'ዚ እዩ ኣኹዲዱ። ኢጋንኖን ፋልሶ ድራማን ንነድኒ ገዲፍካ፡ ሓቅን ጭብጢን ኣብ ዝኾነ እዋን ዝቐየር ኣይኮነን። እቲ ዘሕዝን፡ ዘየድልን ክውገድ ዝኽእልን ወጥሪ ናይዚ ዞባ፡ ሓላፍነት ብዘይጉደሎ ፖሊሲታት ሰልፊ ብልጽግና፡ እናተናኸሰ ይቕጽል ምህላዉ እዩ።
ንንጹር ስእሊ፥

1. ምስ ሱዳን ዘሎ ጉሉሕ ፍሕፍሕ፡ ከም ሳዕቤን ናይቲ ብልጽግና፡ ብትእዛዝ ገለ ግዳማውያን ሓይልታት፡ ኣብ በንሻንጉል ጉምዝ ኢትዮጵያ፡ ናይ ሓይልታት ቅልጡፍ ደገፍ (RSF) ወተሃደራዊ መዓስከር ብምእንጋድ፡ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ሱዳን ዝገበሮ ቀጥታውን ሓደገኛን ምትእትታው ዝመጸ እዩ። እዚ ጉዳይ'ዚ፡ ኩሉ ዝፈልጦ፡ ዘዕለቕለቐ ሓበሬታ እዩ።

2. ቅድሚ ገለ ዓመታት፡ ሰልፊ ብልጽግና ምስ ሶማሊላንድ ብሰላሕታ ዝፈረሞ መዘክር ምርድዳእ እውን ካልእ ዘይሕጋዊ፡ ሓላፍነት ዝጎደሎ፡ ኣብዚ ዞባ፡ ስግኣት ዘለዓዓለ ግጉይ ስጉምቲ እዩ ነይሩ። እዚ ተግባር'ዚ፡ ንሕጋጋት ሕብረት ኣፍሪቃን ኢጋድን መሰረታዊ መትከላት ኣህጉራዊ ሕጊ ኣብ ጉዳይ ልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ሃገራት ብቕሉዕ ዝጥሕስ እዩ።

3. ሰልፊ ብልጽግና፡ "ልኡላዊ ኣፍደገ ባሕሪ" ብዝብሎ ናይ ባዕሉ ኣምር፡ ንልዕሊ ክልተ ዓመትን ፈረቓን "ብዘኾነ መገዲ፡ ወደብ ዓሰብን ገማግም ባሕሩን ምቁጽጻር" ዝብል መርዛምን ክልሰተኛን ዘሙተ ኣንጻር ኤርትራ ከካይድ ምጽንሑ ዝፍለጥ እዩ።

4. እንተ'ቲ "ብስምምዕ ፕሪቶርያ ዘይተሓጉሱን ንምፍሻሉ ዝሰርሑን ሓይልታት" እናበለ ብቐጻሊ ዝጠቕሶ ጉዳይ፡ ቅሉዕ ተንኮል እዩ። ብኣመለኻኽታ ኤርትራ፡ ስምምዕ ፕሪቶርያ ውሽጣዊ ጉዳይ ናይ ኢትዮጵያ እዩ። ምስኡ ኣተኣሳሲርካ ግዳ፡ ጌታቸው ረዳ፡ ሕጂ ዝናዝዞ ዘሎ፡ ሰልፊ ብልጽግና፡ ኣዋርሕ ቅድሚ ምፍራም ስምምዕ ፕሪቶርያ (ኣብ ርክባት ጅቡቲን ሲሸልስን) ኣንጻር ኤርትራ ክኣልሞ ዝሃቀነ ውዲት ምዝካሩ ኣገዳሲ እዩ።

ብሐደት ቃላት ንምጥቕላል፡ ህዝብታት ቀርኒ ኣፍሪቃ ብልቢ ዝብህጉዎን ዝግብኦምን ዘላቒ ዞባዊ ሰላምን ርግኣትን ንምርግጋጽ ዝካየድ ጻዕሪ፡ ብህውቱትን ፋንታዝያውን ፖሊሲታት ሰልፊ ብልጽግና ይግዳዕ ምህላዉ ርኡይ እዩ።

# ዓንሰባ - ሓደጋታት ትራፊክ ንምግታእ ምብራኽ ንቕሓት ከምዘድሊ ተገሊጹ

ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ እናወሰኸ ዝመጽእ ዘሎ ሓደጋታት ትራፊክ ንምግታእ፡ ኣብ ምብራኽ ኣፍልጦን ንቕሓትን ሕብረተሰብ ብሓፈሻ፣ ናይ ወሃንቲ ተሽከርከርቲ ድማ ብፍላይ ምስራሕ ከምዘድሊ ተገሊጹ።

ሓላፊ ፖሊስ ትራፊክ ዞባ ዓንሰባ ሚጀር ንርኣዮ ጺጋይ ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ ዝሓለፈ መንፈቕ ብዘጋጠመ 168 ሓደጋታት፡ 7 ሰባት ክሞቱ ከለዉ ልዕሊ 130 ኣካላዊ መጉዳእቲ ከምዝወረዶም፣ ኣብ ንብረት ድማ ልዕሊ 2.1 ሚልዮን ናቕፋ ክሳራ ከምዝሰዓበ ሓቢሩ።

እዚ ሓደጋታት ምስ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ተመሳሳሊ ኣዋርሕ ክነጻጸር ከሎ ብ9.5 ሚእታዊ ከምዝዛየደ ብምጥቃስ፡ ነዚ ናብ ዝተሓተ ደረጃኡ



ንምውራድ ኣብ ዝካየድ ጻዕሪ፡ ኣፍልጦ ሕብረተሰብ ኩብ ምባል ወሳኒ ከምዝኾነ ኣረዲኡ።

ቀንዲ ጠንቂ ሓደጋታት ትራፊክ፡ ምሐር ናህሪ፡ መስመርካ ዘይምሓዝ፡ ቀዳምነት ዘይምሃብ፡ ጥዕናኦን ዘይተረጋገጸ ተሽከርከርቲ ምምራሕ፡ ሕግታት ትራፊክ ብዝግባእ ዘይምኽታልን ካልእን ምዃኑ'ውን ኣብሪሁ።

ብዘይካ'ዚ፡ ብሽክለታታት ብሓፈሻ ሰለስተ እግረን ድማ ብፍላይ ብተደጋጋሚ ጠንቂ ሓደጋታት ይኾና ምህላወን ብምሕባር፡ ነዚ ንምፍታሕ ምስ ምምሕዳር ከተማ ከረን ብምርድዳእ መለለዩ ሰሌዳ ክግበረለን፣ ቁጽረን ውሱን ንምግባር ድማ መደባት ከምዘሎ ኣረዲኡ።

ሚጀር ንርኣዮ ኣብ መወዳእታ፡ ምቁጽጻር ሓደጋታት ትራፊክ ንፖሊስ ትራፊክ ጥራይ ዝግደፍ ዕማም ከምዘይኮነ ብምሕባር፡ ምትሕብባር ናይ ኩሎም ኣካላት ክዛይድ ከምዝግባእ ኣስሚሩሉ።

# ቁጠባን ዋኒንን

ተሰፊት ሓጎስ

## ትምህርትን ቁጠባዊ ዕብየትን

ትምህርቲ ደቂሱብ ፍልጠት ዝሰንቀሉ፡ ክእለት ዝዓጥቁሉ ከምኡ'ውን ኣብ ዝርአ ባህሪኦም ለውጢ ዘምጽኡሉ መስርሕ'ዩ። ንኣብነት፡ ሓደ ሰብ ስቑጠባ እንታይ እዩ ወይ ብኸመይ ይግለጽ ተማሂሩ፡ ነቲ ዝተማህሮ መሰረት ብምግባር ንስቑጠባ ክገልጾ እንክሎ ፍልጠቱ ዓብዩ ንብል። ኣብቲ ዓውዲ ንዘሎ ሞዴላት ተጠቂሙ ረብሓን ብኽነትን፡ መኽሰብን ክሳራን፡ ደረጃ ኣፍራይነት፡ መጠን ጃምላ ሃገራዊ ፍርያት ወዘተ. ክቕምር፡ ክመዝን ይኽእል ከኣ ተመሳሳሊ ተግባራት ክፍጽም ምስ በቕዐ ከኣ ክእለት ዓጢቑ ይበሃል። ብትምህርቲ ብዘቖሰሞ ፍልጠትን ዝደለቦ ክእለትን ተደሪኹ ኣብ ኣተዓይያኡ፡ ኣነባብራኡ፡ ኣመለኻኽታኡ ንኣብነት ቈጣቢ ኣብ ምዃኑ፡ ብኽነት ኣብ ምንካይ፡ ኣፍራዪ ኣብ ምዃኑ፡ ድኽነት ሓፋሽ ኣብ ምእላይ፡ ራህዋን ስልጣነን ኣብ ምምጻእን ካልእን ናይ ባህሪ (ግዚያዊ ዘይኮነ) ለውጢ ምስ ዝጉብር ድማ ባህሪኡ ተቐይሩ ይበሃል። እዚ ኹሉ ውጽኢት ግና ነቲ ዝተማህረ ውልቀሰብ ጥራይ ዝምልከት፡ ኣብኡ ጥራይ ክርአ ከምዘለዎ ጸልዋ ክውሰድ ኣይግባእን። ኣብቲ ውልቀሰብ ዝተኸስተ ለውጢ ናብ ሕብረተሰብ ዝሰግር፡ ንሕብረተሰብ ዝልውጥን ዘርብሕን ክኸውን የድሊ። ከምዚ ዝበለ ሰፊሕ ማሕበራዊ ሰረት ዘለዎ ፍልጠት ኣብ ዝተኸሰኮሰሉ እዋንን ቦታን ድማ'ዩ ፍልጠት ትካላዊ ኮይኑ ክበሃል ዝከኣል።

ፍልጠትን ትምህርትን ኣብ ዝሰፍሓሉ ሕብረተሰብን ሃገርን፡ ማሕበራውን ቁጠባውን ለውጢ ክሰዕብ ባህርያዊ ዝውሰድ ክስተት'ዩ። እዚ ከምዝኖሻሙ ዝውሰድ ክስተት ብመንጽር ደረጃ ስልጣነን ገስጋስን ሃገራት ምስ ዝርአ'ውን ንቅኑዕነቱ ዘራጉድ መረዳእታ ስሒው ኣይኮነን። (ዘይ) ምርግጋጽ ዝርገሐን ደረጃን ትምህርቲ ብመንጽር ምዕቡላትን ዘይማዕበላን ከምኡ'ውን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ክርአ እንክሎ ተራኡ ልዑል'ዩ። ኣብ መወዳእታ 1970ታት ብዘተፈልየ መልክዕ ምስ ምዕራባዊ ዓለም ክትተኣሳሰር ዝጀመረት ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ከም ኣብነት ምስትርአ ኣብ ትምህርቲ ዝዓመሙቶ ዕዮ ዓቢ ምዃኑ ይግለጽ። ብእኡ መንጽር ድማ ኣብ ቁጠባዊ ዕብየታን ተክኖሎጅያዊ ዓቕማን ርኡይ ገስጋስ ክተመዝግብ ምኽኣላ ንኣገዳስነት ትምህርቲ ኣብ ቁጠባዊ ዕብየት ዝርኢ ምዃኑ ብኣብነት ካብ ዝጥቀስ'ዩ። እዚ ኩነት፡ ሓደ ካብ መለለዩ ባህርያት ናይተን ድሒረን ይኹን ፈለማ ዝማዕበላ ሃገራት ምዃኑ ምዝኻር'ውን ንተራን ጽልዋን ትምህርቲ ኣብዚ መዳይ ዘራጉድ'ዩ።

እንግሊዝ ቀዳማይ ኢንዱስትርያዊ ሰውራ ዝጀመረላ ሃገር'ያ። እንተኾነ ንኹሉ ዘሳትፍ ስርዓት-ትምህርቲ ካብ ተተኣታቲ መዋእላት ዘቑጸረት ከምዘይኮነት ፈላጣት ይጠቕሱ። እንግሊዝ፡ ካልኣይ ኩናት ዓለም ክሳዕ ዝዛዘም፡ ንኹሉ ዘሳትፍ ስርዓት-ትምህርቲ ከምዘይነበራ'ውን የረጋግጹ። ቀዳማይ ካልኣይ ኩናት ዓለም ዝነበረ ናይ መባእታ ትምህርቲ ዝተፈላለየ ዕድላት ንምፍጣር ዝዓለመ ዘይኮነስ ነቲ ልዕሊ 80 ሚኢታዊት ዝኾውን፡ ትምህርቱ ኣብ መባእታ ክዛዘም ትጽቢት ዝግበረሉ ዝነበረ ሓፋሽ ዝተወሰነ ደረጃ ብቕዓት ከምዝህልዎ ዝዓለመ ነበረ። ኣብ መባእታ ዝወሃብ ትምህርቲ ድማ ከም መእተዊ ወይ መሰጋገሪ ናብ ካልኣይ ደረጃ ኣድላዪ ኣይነበረን። ጎይቶት ናይቲ ሕብረተሰብ'ውን ደቀም ግድን ናብ መባእታ ትምህርቲ ይልእኹ ኣይነበሩን። ደቆም፡ ናብ ካልኣይን ላዕለዋይን ደረጃ ትምህርቲ ዘእትዉሉ መሳልል ስለዝነበሮም።

ቅድሚ ካልኣይ ኩናት ዓለም ኣብ ዝነበራ ሒደት ዓመታት ንኣብነት ንኻልኣይ ደረጃ ዝበቕዕ ዕድመ ካብ ዝነበሮም መንእሰያት እንግሊዝ፡ እቶም 80 ሚኢታዊት ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ተመክሮ ኣይነበሮምን። ኣብ 1938፡ ኣስታት 14 ሚኢታዊት ካብ ህዝቢ እንግሊዝን ዌልስን ጥራይ እዩ ካብ መባእታ ናብ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ሰጊሩ። ኣብ 1938፡ እንግሊዝ ናይ ትሸዓተ ዓመት ትምህርቲ ግድነታዊ ስለዘገበረቶ መሪሕ ቦታ ክትሕዝ እንክላ ሃገራት ሰሜን ኤውሮጳ ድማ ኣሰራ ይሰዕባ ነበራ። ሃገራት ደቡብ ኤውሮጳ ግና ነቲ ንሰለስተ ዓመት ዝገበርኦ ግድነታዊ ትምህርቲ ከይተረፈ ንምትግባሩ ይጽገማ ነበራ። ኣብ 1940፡ ንኻልኣይ ደረጃ ካብ ዝበቕዕ ህዝባ ፍርቁ ብምምዝጋብን ብምምራቕን ጸብለል ዝበለት ሃገር ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ እያ። ኣብ እንግሊዝ፡ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ንኹሉን ግዴታን ዝኾነሉ ከምኡ'ውን ናይ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ዘስፋሕፍሓሉ ድሕሪ ምዝዛም ካልኣይ ኩናት ዓለም'ዩ። ብኣጠቓላሊ፡ ክዉነንት ናይተን ሎሚ ምዕቡላት ዝበሃላ ሃገራት'ውን ካብ ናይ እንግሊዝ እንተዘይደኸሙ ዝሕይል ኣይነበረን። ምምጻእ ናይዚ ሎሚ ኣድማሳዊ ተባሂሉ ዝግለጽ ኣገልግሎት ትምህርቲ ግና ነዚ ዝተገልጸ ታሪኻዊ ክዉንነት ከምዝሃሰሰን ዝርሳዕን ካብ ዝገብሩ ረቛሒታት ሓደ ምዃኑ ይጥቀስ።

ካልእ፡ ከም ኣገዳሲት ትለዓል ሕቶ ከኣ ምኽንያት ናይቲ ኣብ ኣገልግሎት ትምህርቲ ዝተራእየ ለውጢ እንታይ እዩ ትብል'ያ። ነዛ ሕቶ ዝወሃብ ልሙድ መልሲ፡ ደረጃ ቁጠባዊ ዕብየት ሃገራት ዝብል'ዩ። ሃገራት ቁጠባአን እናዓበየ ክኸይድ እንክሎ ነቲ ኣብ ዝተወሰነ ክፋል ሕብረተሰብን ከምኡ'ውን ደረጃ ተወሲኑ ዝነበረ ትምህርቲ ንምስፋሕ ዘድሊ ወፍሪ ናይ ምምዋል ዓቕሚ ስለዝድልባ ቁጠባዊ ዕብየትን ኣብ ምስፋሕ ትምህርቲ መሰረታዊ ረቛሒ ምዃኑ ይጥቀስ። ማዕረ ማዕረኡ ድማ ትምህርቲ ኣብ ቁጠባዊ ዕብየት ሃገራት ዘለዎ ሰረት ሓያል ምዃኑ ዘመልክት ግንዛበ እናዓዘዘ ምምጽኡ ኣብ ምስፋሕ ትምህርቲ ድርኺት ከምዝፈጠረ ይግለጽ። ሃገራት ንሓድሕደን ብመንጽር ቁጠባዊ ዕብየት ክወዳደራ፡ ንዜጋታተን ድማ ልዑል ዝደረጃኡ መንባብሮ ከምዝፈጥራሉም መብጽዓ ምእታው ምስ ጀመራ ድማ ትምህርቲ ዘይተርፍ ኣካል መንግስታዊ ፖሊሲ ክኸውን ከኣለ።

ዜጋታት'ውን ነቲ ከም መብጽዓ ዝሰምዕዎ ዝተመሓየሸን ልዑል ዝደረጃኡን ናብራ ዘውሕስሉ ኣገባብ ኣብ ምርዳእን ምንዳይን ክዋስኡ ጀመሩ። ኣብቲ ዝሰፍሐ ዝነበረ ናይ ትምህርትን ስልጠናን መኣዲ ምስታፍ ድማ ዝሓሸ ደሞዝ ዝርከቦ ስራሕ ንምንዳይን ናብቲ ዝተባህለ ባህጊ ከም ዘብጽሕ ውሑስ መገድን ስለዝተቐጽረ ተሳታፍነቶም ኣዕበዩ። ቤት ትምህርታት ድማ ማእከላት ማሕበራዊ ለውጥን ውህደትን ኮና። ነቶም ካብ 1946 ክሳዕ 1964 ዝተወልዱ ክፋል ሕብረተሰብ ከም ኣባላት ሓንቲ ጉጅለ ብምውሳድ ድማ ነቲ ለውጢ ምንጽጻር ይከኣል። ንኣባላት ናይዛ ጉጅለ ዝወለዱ ሙብዛሕትኦም ወለዲ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ኣይተሳተፉን። እቶም ኣብ ዩኒቨርስቲ ዝበጽሑ እሞ ኸኣ ቁንጣሮ ነበሩ። ብመንጽሩ፡ ኩሎም ኣባላት ናይዛ ጉጅለ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ዝዛዘሙ እዮም። ዳርጋ ፍርቂ ካብ ውሉዳቶም 18 ዓመት ድሕሪ ምምልኦም'ውን ትምህርቲ ክቕጽሉ ዝኸኣሉ'ዮም። እቲ ለውጥታት ከኣ ኣብ ቁጠባውን ማሕበራውን ኩነታት ናይቶም ዜጋታትን ሃገራቶምን እወታዊ ለውጢ ዝፈጠረ'ዩ።

ድሒረን ኢንዱስትርያውን ቁጠባውን ምዕባለ ከረጋግጻ ኣብ ዝኸኣላ ከም ጃፓንን ደቡብ ኮርያን ዝኣመሰላ ሃገራት ዘተኩር ንኣበርክቶ ትምህርቲ ዝድህስስ መጽናዕትታት'ውን ኣሎ። ገለ ካብቲ መጽናዕቲ፡ ትምህርቲ ኣብተን ሃገራት ንዝነበረ ናይ ምፍራይ ኣገባብ ወይ ቅርጺ ለዊጥዎ ዶ ኣይለወጦን ዝፍትሽ'ዩ። ብኻልእ ኣገላልጻ፡ እቲ መጽናዕቲ ትምህርቲ ኣብ ኣገባብ ምፍራይ ናይተን ሃገራት ተክኖሎጅያዊ ለውጢ ክኸሰት ደሪኹ ዶ ዝብል ሕቶ ዝምልሽ'ዩ። ውጽኢቱ ድማ ዝተማህረ ዓያዪ-ጉልበት ሃገራት ብሰደድ ናይ ዝልእኽኦ ፍርያት ዓይነትን ብቕዓትን ኣብ ምልዋጥ ልዑል ግደ ከምዘለዎ ዘረጋግጽ'ዩ። ንኣብነት፡ ተራ ሕርሻዊ ፍርያት ወይ'ውን ዘይተመስርሐ ተፈጥሮኣዊ ጸጋታት ብሰደድ ትልእኽ ዝነበረት ሃገር፡ ዝተማህረ ዓያዪ-ጉልበት ምስ ኣጥረየት ኣብ ተፈጥሮኣዊ ጸጋታታ ክብሪ ናይ ምድላብ ዓቕሚ ስለተጎልብት ቡቲ ሓደ፡ ተክኖሎጅያዊ ርቀት ዘለዎ ፍርያት ከተፍሪ ስለትኽእል ድማ ቡቲ ካልእ ዝርዝር ናይ ሰደዳ ከምዝሰፍሕ የመልክት።

ጃፓን፡ ነቲ ብዙሕነት ቁጠባዊ ንጥፈታታ ዘቀላጥፍ መስርሕ፡ ኣብ ትምህርቲ ልዑል ደረጃ ብቕዓት ካብ ዘጥረየትሉ እዋን ንደሓር፡ ካብ መወዳእታ 1950ታት እያ ጀሚራቶ። ደቡብ ኮርያ'ውን እንተኾነት ኣብ ዓለምለኻዊ ዕዳጋ ዝነበራ ናይ ሓያሊይ ፍርያታ ብጽሒት ጉሉሕ ዕብየት ኣብ ዘርኣየሉ ኣብ ትምህርቲ ዓቢ ገስጋስ ኣብ ዝገበረትሉ ካብ 1960ታት ክሳዕ 1980ታት ኣብ ዝነበረ እዋን'ዩ። ጀርመንን ስዊዘርላንድን ዝበዝሐን ዝተራቐቐን ዝርዝር ናይ ሰደድ ካብ ዘለወን ኣዝየን ሒደት ሃገራት ምዃነን ይፍለጥ። እዚ ከኣ ውጽኢት ናይቲ ሓያልን ግብራውን ዝኾነ ናይ መባእታ ስርዓት-ትምህርተን ምዃኑ ይግለጽ። ብመንጽሩ፡ እተን ኣብ ኤሲያ ብትምህርታዊ ገስጋሰን ዝደሓራ ዝበሃላ ፓኪስታንን ባንግላደሽን ዝርዝር ብሰደድ ናይ ዝልእኽኦ ፍርያት ብዙሕን ዝተራቐቐን ከምዘይኮነ ይፍለጥ። ነዚ ዝተገልጸ መረዳእታ መሰረት ብምግባር ከኣ ደረጃ ትምህርቲ ናይ ሓንቲ ሃገር፡ ብሰደድ ናይ ትልእኾ ፍርያት ዝርዝር ዝውስን ምዃኑ ምድምዳም ከምዝከኣል ኣብዚ መዳይ መጽናዕቲ ዘካየዱ ስነቑጠበኛታት ይገልጹ። እዘን ዝስዕባ ነጥብታት ከኣ ገለ ካብ ጽማቝ ናይ መደምደምታኦም ካብ ዘቕረብዎን ነጥብታት እየን።





- ተዛማዲ ብልጫ ኣብ ዝጸንሐ ወይ ዝተለምደ ዝምርኮስ መስርሕ'ዩ። እቲ ቁጠባ፡ ሓደስቲ ፍርያት ከፍሪ እንተኾይኑ ድማ መሰጋገሪ ዝኾኑ ፍርያት ከማዕብል የድልዮ። ንኣብነት፡ ኣብ ሕርሻ ዝተሰረተ ተዛማዲ ብልጫ ዝጸንሖ ቁጠባ መኪና ከፍሪ እንተኾይኑ ኣቐዲሙ ናብዚ ብቕዓት ከሰጋግሮ ዝኽእል ፍርያት ከፍሪ የድልዮ።

- ነዛ ኣቐዲማ ዝተጠቕሰት ነጥቢ ምርኩስ ብምግባር ድማ ትምህርቲ ተለሚዱ ኣብ ዝጸንሐ ኣገባብ ጽግዕተኛ ካብ ምዃን ዘገላግል፡ ኣብ ኢንዱስትርያዊ ልምዓት ከም መሰጋገሪ ኣብ ዝውሰዱ ፍርያት ሱር-ብተኻዊ ስጉሚ ንምግባር ዝሕግዝ ምዃኑ'ዩ። ብኻልእ ኣበሃህላ፡ ትምህርቲ ንምፍራዩም ዒላማ ኣብ ዝተጉብሩ ፍርያት ንዝነበረ ድሩት ሌላ ዘወግድ'ዩ። ክፈሪ ኣብ ዝደለ ፍርያት ዘሎ ርቀት ዕንቅፋት ዝኾነን ሃገራት ከኣ እተን ዝወሓደ ዝተማህረ ሰብ ዘለወን ሃገራት እየን።

- ብቕዓት ትምህርቲ ካብ ብዝሒ ዓመታት ናይ ትምህርቲ ንላዕሊ ኣገዳሲ ምዃኑ። ናይ መባእታ ትምህርቲ ብሰደድ ናይ ዝለኣኽ ብዝሕን ዓይነትን ፍርያት ኣብ ምስሳን ልዑል ግደ ዘለዎ ኣገዳሲ ረቛሒ ምዃኑ። ነዚ መሰረት ብምግባር ከኣ ኣብ ካልኣይን ላዕለዋይን ደረጃ ትምህርቲ ዝግበር ገስጋስ ኣገዳሲ ምዃኑ።

- ብተዛማዲ ቅልል ኣብ ዝበሉ ፍርያት ዝርከብ ርቀት፡ ዝፈጥሮ ብድሆ መጠነኛ ኮይኑ ብትምህርቲ ዝምለኽን ዝሰገርን ምዃኑ። ንኣብነት፡ ብተክኖሎጅን ንድፍን ቅልል ዝበሉ ፍርያት ከመይ ከምዝፈረዩ ትምህርትን ስልጠናን ብምሃብ ናብ ምፍራዮም ምስግጋር ከምዝከኣል።

- መሰረታውያን ዝበሃሉ ማለት ልዑል ርቀት ዘለዎ ፍርያት ዝፈጥርዎ ብድሆ ፍልይ ዝበለ'ኳ እንተኾነ ዘይሰገር ግና ኣይኮነን። ኣብዞም ፍርያት ዘሎ ልዑል ርቀት ዕንቅፋት ኮይኑ ክኑበር ዝኽእል ነተን ድኹም ትምህርቲ ዘለወን ሃገራት ጥራይ ምዃኑ። ብሉጽ ትምህርቲ ዘለወን ሃገራት ግና መሰረታውያን ኣብ ዝበሃሉ ፍርያት ዘሎ ርቀት ንምምላኽን ንምፍራዮምን ዘኽእል ኣቋራጭ ሜላ ዝወነና ምዃነን። እዚ ከኣ ብተመክሮ ድሒረን ዝማዕበላን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ዘረጋገጾን ብጭቡጢ ዝድገፍን መረዳእታ ምዃኑ።

ከም መጠቓለሊ፡ ትምህርቲ ደዩ ቁጠባዊ ዕብየት ዝድርኽ ወይስ ቁጠባዊ ዕብየት'ዩ ዝርግሐን ብቕዓትን ትምህርቲ ዘውሕስ ካብ ዝብል ብቕደም-ሰዓብ ክስፍሮም ዝደሊ. ኣረኣእያን ምጉት ምውጻእ፡ ኣብ መንነኦም ንዘሎ ምድርራኽን ምጽልላውን ምግንዛብ ኣገዳሲ'ዩ። ልዕሊ ኩሉ ዘገድስ ከኣ ይቕድም'ዩ ብዝበልካዮ ጀሚርካ ናብቲ ይስዕብ ትብሎ ኩነት ምብጻሕ። ምኽንያቱ ከም ክልተ-ገጽ ናይ ሓንቲ ሳንቲም'ውን ስለዝረኣዩ። እንተዘይኮይኑ እቲ ዕሜ ካብቲ ዝጸንሐን ዝተለምደን ከይተገላገልካ ምቕጻል እዩ ዝኸውን።

# ካብ ካርታ ናብ ጽልዋ
# ጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጣ ኤርትራ ከም ዓለምለኻዊ ሓይሊ

ሳሙኤል ጉብረብርሃን
ክፍሊ ኢሚግሬሽንን ዜግነትን

ሓይልን ጽልዋን ሃገራት ኣብ ኣህጉራዊ መድረኽ ብዝተፈላለዩ ረቛሒታት ዝውሰን እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ፣ ወተሃደራዊ ዓቕሚ፣ቴክኖሎጂያዊ ዕብየትን ቁጠባዊ ፍርያትን ከም ቀንዲ መለክዒታት ኩብርታትን ጽልዋን ተገይሮም ይውሰዱ። እዚኣቶም ተለዋወጥትን ብግዜን ኩነታትን ክመጽኡን ክኸዱን ዝኽእሉ ባእታታት እኳ እንተኾኑ፣ ካብዚ ኩሉ ንላዕሊ ግን ሓደ ቀዋምን መሰረታውን ዝኾነ ጸጋ ኣሎ - ንሱ ድማ ጂኣግራፊያዊ ኣቀማምጣ እዩ። ሓንቲ ሃገር ኣብ ካርታ ዓለም ዘለዋ ቦታ፡ ንኹሉ ወተሃደራውን ቁጠባውን ጥበባታ መበገሲ ባይታ ብምሃብ፣ ኣብ ዲፕሎማስያዊ ዝምድናታት ከም ፍሉይ ዓለምለኻዊ ሓይሊ ወይ ናይ ጸቕጢ መሳርሒ (Leverage) የገልግል። እዚ "ጂኦ-ስትራቴጂካዊ ሓይሊ" ዝብል ጽንሰ-ሓሳብ፡ ተፈጥሮ ንሓንቲ ሃገር ዝለገሰቶ ዘይነጽፍ ጸጋ ኮይኑ፣ ኣብ መንጎ እቶም ኣብ ካርታ ዝሰፈሩ ስነ-ምድራዊ ዶባትን እቲ ኣብ ባይታ ዝረአ ህያው ምንቅስቓስ ሓይልታትን ዘሎ ዘይነጻጸል ጥብቂ ምትእስሳር ዘጉልሕ እዩ።

ስነ-ሓሳባዊ ትንተና ጂኦ-ፖለቲካ ከም ዘረድኦ፣ ጂኦግራፊ ሓንቲ ሃገር ዕድል ወይ ብድሆ ክኸውን ይኽእል እዩ። ብፍላይ ከኣ እቶም ኣብ መበል 19ን 20ን ክፍለ ዘመን ዝነበሩ ክኢላታት ጂኦ-ፖለቲካ (ከም ኣልፍረድ ታየር ማሃንን ኒኮላስ ስፓይክማንን)፣ ሓይሊ ባሕርን ቁጽጽር ጸቡባት መተሓላለፊታትን ንዓለምለኻዊ ጽልዋ ወሰንቲ ምዃኖም ይከራኸሩ ነበሩ። ንሳቶም ከም ዝገልጽዎ፣ ዓለምለኻዊ ንግዲ ብባሕሪ ዝምራሕ ብምዃኑ፡ ነቶም ዓበይቲ መተሓላለፊታት ባሕሪ (Choke points) ዝተቖጻጸረት ሃገር ውሕስነት ቁጠባ ዓለም ክትውስን ትኽእል እያ። ባሕሪ ከም ሓባራዊ ጽርግያ እንተወሲድናዮ፣ ነቶም ኣፍደገታቱ ዝሕልዉ ሓይልታት ድማ ፍሉይ ፖለቲካዊ ሓይልን ዓብላሊ ጽልዋን ይህልዎም። ስለዚ፡ ጂኦ-ስትራቴጂ ሓንቲ ሃገር ነቲ ዘለዋ ቦታ ብምጥቃም ሃገራዊ ድሕነታ እተረጋግጸሉን ረብሓታታ እተስፍሓሉን ጥበብ እዩ።

ታሪኽ ዓለምና ከም ዘረጋግጾ፡ ዓበይቲ ሓይልታት ዓለም ንጂኦግራፊያዊ መሰጋገሪታት ንምቁጽጻር ዘይሕለል ቃልሲ ከካይዱ ጸኒሖም እዮም። ንኣብነት፡ ቱርኪ ኣብ መንጎ ኤውሮጳን ኤስያን ዘለዋ ኣቀማምጣ፡ ብፍላይ ከኣ መትረብ ቦስፎረስን ዳርዳኔልስን ክትቈጻጸር ምኽኣላ፡ ንድሕነት ጸሊም ባሕርን ስሉጥ ምንቅስቓስ ኔቶን ወሳኒት ሃገር ገይሩዋ ይርከብ። ብተመሳሳሊ፡ ግብጺ ብመትረብ ሱዌዝ ኣቢላ ንዓለምለኻዊ ንግዲ ባሕሪ እተመሓላልፎ መስመር፡ ማእከላይ ምብራቕን ኤውሮጳን ዘራኽብ ሓያል ጂኦ-ፖለቲካዊ መሳርሒ እዩ። ብተመሳሳሊ ሸንኽ ድማ፡ ሲንጋፖር ኣብ ጸቢብ መተሓላለፊ ማላካ ብምቕማጣ፡ ንንግዲ ምብራቕ ኤስያን ዓለምን ወሳኒት ማእከል ክትከውን ክኢላ እያ። ፓናማ እውን ብመትረብ ፓናማ ኣቢላ ንፓስፊክን ኣትላንቲክን ውቅያኖሳት ምውሳባ፡ ንቁጠባዊ ዓቕማ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ንኣገዳስነታ ኣብ ዓለምለኻዊ መድረኽ ዓቢ ኩብሪ ሂብዎ ይርከብ። እዚ ኹሉ ዘርእየና፡ ጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጣ ሓንቲ ሃገር ካብ ወተሃደራዊ ዕጥቅታት ንላዕሊ ዕጽፊ ጽልዋ ክፈጥር ከም ዝኽእል እዩ።

ናብ ዞባና ቀርኒ ኣፍሪቃ ክንምለስ ከለና፣ ኤርትራ ሓንቲ ካብተን ብጂኦ-ስትራተጂካዊ ኣቀማምጣአን ፍሉይ ቀላሕታ ዝወሃበን ሃገራት እያ። ኤርትራ ኣብ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ እትርከብ ሃገር ኮይና፣ ብሰሜንን ደቡብን ዝዘርጋሕ ልዕሊ 1,200 ኪሎ ሜተር ንውሓት ዘለዎ ገማግም ባሕሪ ኣለዋ። እዚ ጥራይ ዘይኮነ፣ ደሴታት ዳህላክ ዝሓወሰ ልዕሊ 350 ደሴታት እትውንን ሃገር ምዃና'ውን ካልእ ኣገዳሲ ብልጫ እዩ። እዚ ጂኦግራፊያዊ ክውንነት እዚ፣ ንዓለምለኻዊ መስመር ንግዲ ባሕሪ ብፍላይ ከኣ ንመትረብ ባብ-ኤል-መንደብ ኣዝያ ቀረባ ይገብራ። እቲ ሰፊሕ ገማግም ባሕርን ደሴታትን ንኤርትራ ርኡይ ጂኦ-ስትራቴጂካዊ ዕምቈት (Strategic Depth) ይዕድላ። እቶም ደሴታት ከም ወተሃደራዊ ይኹን ቁጠባዊ ዋሕስ ኮይኖም ከገልግሉ ዝኽእሉ ተፈጥሮኣዊ ዕርድታት እዮም። እዚ ኣቀማምጣ እዚ ንድሕነት መላእ ቀርኒ ኣፍሪቃን ማእከላይ ምብራቕን ብቀጥታ ዝጸሉ ባህሪ ኣለዎ።

ባብ-ኤል-መንደብ ንቀይሕ ባሕሪ ምስ ወሽመጥ ዓደንን ህንዳዊ ውቅያኖስን ዘራኽብ ጸቢብ መተሓላለፊ ባሕሪ እዩ። እዚ ቦታ እዚ ካብ መላእ ዞባታት ዓለም ንዝመጽኡ መራኽብ ንግዲ ከም ኣፍደገ ኮይኑ የገልግል። ኤርትራ ኣብዚ ቀይሕ ባሕሪ ዘለዋ ንውሓት ገማግም ባሕርን ቁጠባዊ ዞባ ባሕርን (EEZ)፣ ኣብ ምርግጋእ ይኹን ዘይምርግጋእ እቲ ዞባ ወሳኒ ተራ ክትጻወት ዕድል ይህባ። ኣብዚ እዋን እዚ፡ ኣስታት 10% ክሳብ 12% ዝኸውን ዓለምለኻዊ ንግዲ፡ ከምኡ'ውን ዓቢ መጠን ካብ ዓለማዊ ኑዳዲ በዚ ጸቢብ መተሓላለፊ እዚ እዩ ዝጉዓዝ። ኣብ ቀረባ ግዜ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ዘጋጠሙ ቁጠባዊ ምዝባላትን ናይ መራኽብ መጥቃዕትታትን ከም ዘርኣይዎ፣ ኣብዚ ዞባ እዚ ዝፍጠር ዝኾነ ይኹን ዘይምርግጋእ ንመላእ ዓለማዊ ቁጠባ ብኸመይ ከም ዝጸልዎ እዩ። ስለዚ፡ ኤርትራ ኣብዚ ቦታ እዚ ዘለዋ ቁጽጽርን ጽልዋን፡ ንዓለምለኻዊ ርግኣት ናይዚ መስመር እዚ ወሳኒት ረቛሒ ይገብራ።

እዚ ጂኦ-ስትራቴጂካዊ ክውንነት እዚ፡ንኤርትራ ንሓያሎ ዞባውያንን ዓለምለኻውያንን ሓይልታት ማእከል ስሕበት ፖለቲካ ክትከውን ገይሩዋ እዩ። ዓበይቲ ሓይልታት ዓለም (ከም ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ቻይና፡ ሩሲያን ሃገራት ኤውሮጳን) ከምኡ'ውን ዞባውያን ሓይልታት (ከም ሃገራት ወሽመጥ ዓረብ፡ ቱርኪን እስራኤልን) ኩሎም ኣብ ዞባ ቀይሕ ባሕሪ ጽልዋ ንምሕዳርን ድሕንነቶም ንምውሓስን ይወዳደሩ ኣለው። እዚ ፖለቲካዊ ምትፍናን እዚ፡ ንድሕነትን ሰላምን ቀይሕ ባሕሪ ወሳኒ ብምዃኑ፡ ኤርትራ ከም ሓንቲ ልዑላዊት ሃገር እትወስዶም ፖለቲካዊ ውሳነታትን እተኻይዶም ዲፕሎማሲያዊ ዝምድናታትን ኣብ ምርግጋእ እዚ ዞባ ዓቢ ጽልዋ ኣለዎ። ዓበይቲ ሓይልታት ኣብ ጅቡቲ ወተሃደራዊ መዓስከራት ክምስርቱ ከለው፡ ንኤርትራ እውን ከም ወሳኒት ጉረቤት ርኡይ ቀላሕታ ክህቡዋ ጸኒሖም እዮም። ቻይና ብስትራተጂ "Belt and Road Initiative" ኣቢላ ንወደባት ምብራቕ ኣፍሪቃ ክትምስርት ከላ፣ ሩሲያ ድማ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ መዕረፊ ሓይሊ ባሕሪ ክህልዋ ፍሉይ ድሌት ኣርእያ እያ። እዚ ኩሉ ምድፍፋእ፣ ንኤርትራ ማእከል ናይቲ ዓለምለኻዊ ናይ ሓይሊ ምትፍናን ብምግባር ዝፍተን እዩ።

ወደባት ኤርትራ፡ ብፍላይ ከኣ ባጽዕን ዓሰብን፡ ኣብ ዞባዊ ቁጠባዊ ምትእስሳርን ልምዓትን ዕዙዝ ተራ ኣለዎም። እዞም ወደባት እዚኦም ንሃገራዊ ቁጠባ ኤርትራ ንምዕባይ ጥራይ ዘይኮነስ፣ ንጐረባብቲ ሃገራት ዓቢ ኣገልግሎት ክህቡ ዝኽእሉ እዮም። እዚ ድማ ንኤርትራ ኣብ ዞባዊ ምትእስሳርን ምትሕብባርን ሓደገኛ ለበራጂ ወይ መትሓዚ ሓይሊ ይህባ። ደቡብ ሱዳንን ካልኦት ምብራቕ ኣፍሪቃውያን ሃገራትን እውን መጻኢ ቁጠባዊ መስመራቶም ምስ ወደባት ኤርትራ ዘተኣሳስሩሉ ተኽእሎታት ኣለው። እቶም ወደባት ንምዕባለን ምውህሃድን ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብቐጥታ መተሓላለፊ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ብሰንኪ እዚ ኣቀማምጣ እዚ፣ ፖለቲካዊ ርግኣትን ቁጠባዊ ዕብየትን ቀርኒ ኣፍሪቃ ምስ ድሕነት ገማግም ባሕሪ ኤርትራ ብቐጥታ ዝተኣሳሰረ እዩ። እዚ ድማ ንኤርትራ ካብ ሓንቲ ዞባዊ ተዋሳኢት ንላዕሊ፣ ኣብ ልምዓትን ሰላምን ቀርኒ ኣፍሪቃ እጃም ክህልዋ ዓቢ ዕድል ይፈጥረላ።

ይኹን እምበር፣ ጂኦ-ስትራተጂካዊ ኣቀማምጣ ብባህርኡ ክልተ ገጽ ዘለዎ ሰይፊ እዩ። ሓደ ሸነኹ ጽልዋን ረብሓን ከምጽእ ከሎ፣ በቲ ካልእ ሸነኹ ድማ ስሱዕ ቀላሕታ ወጻኢ ሓይልታትን ፖለቲካዊ ጸቕጥታትን ክስሕብ ይኽእል እዩ። ኤርትራ እውን ካብዚ ክውንነት እዚ ፍልይቲ ኣይኮነትን። እቲ ኣብ ዙርያ ቀይሕ ባሕሪ ዘሎ ጂኦ-ፖለቲካዊ ውድድር፣ ንኤርትራ ሓይልታታ ክትዕቅብን ብልሓታዊ ዲፕሎማሲ ክትጥቀምን ዝሓትት እዩ። ሓንቲ ሃገር ስትራተጂካዊ ቦታ ጥራይ ብምሓዛ ሓያል ክትከውን ኣይትኽእልን እያ፤ በንጻሩ ነቲ ዕድል ብበሰል ዝምድናታት ክትጥቀመሉ ክትክእል ኣለዋ። ኤርትራ ኣብ ዞባዊ ፖለቲካ ንዘለዋ ቦታ ብምጥቃም፣ ምስ ዝተፈላለያ ሃገራት ሚዛኑ ዝሓለወ ዝምድናታት ክትምስርት ምጽናሓ ይፍለጥ። እዚ ድማ ሃገራዊ ልዑላዊነታ ከየሕለፈት፣ ኣብ ዞባዊ ጉዳያት ንጡፍ ተራ ክትጻወት ኣኽኢሉዋ እዩ።

ኤርትራ ካብ ታሪኽ ቃልሳ ጀሚራ፣ ንልዑላውነት ባሕራን መሬታን ዓቢ ዋጋ ዝኸፈለት ሃገር እያ። እዚ ድማ፡ ጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጣ ምስ ሃገራዊ መንነትን ድሕነትን ብኸመይ ከም ዝተኣሳሰር ዘርኢ እዩ። ገማግም ባሕሪ ኤርትራ ንምዕቃብን ሰላሙ ንምውሓስን ዝገበር ጻዕሪ፣ ንድሕነት መላእ ሃገራት ዞባ ቀይሕ ባሕሪ እውን ዓቢ ኣበርክቶ ኣለዎ። ሓይሊ ባሕሪ ኤርትራን ፖሊሲታት ጸጥታን፣ ኣብዚ ዞባ እዚ ዘይሕለል ግደ ኣለዎም። እዚ ድማ ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ሃገራዊ ዶባታ ጥራይ ከይተሓጽረት፡ ኣብ ዞባዊ ርግኣት እውን ዓቢ ተራ ከም ዘለዋ ዘረጋግጽ እዩ። እተን ቡቲ ንኤርትራ ዝጉዝጉዛ ባሕሪ ተጠቒመን ዝጉዓዛ ንግዳዊ መራኽብ ብሰላም ክሓልፋ ምኽኣለን፣ ንውሕስነት ዓለማዊ ቁጠባ ወሳኒ ረቛሒ እዩ።

ኣብዚ ብተክኖሎጂን ቅልጡፍ ምንቅስቓስን ዝምራሕ ዘመናዊ ዓለም፣ ጂኦግራፊያዊ ሓይሊ ወሳኒ ረቛሒ ምዃኑ ኣየቋረጸን። ጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጣ ኤርትራ ንመጻኢ ወለዶታት ዝተርፍ ቀዋሚ ሃብቲ እዩ። እዚ ፍሉይ ኣቀማምጣ እዚ፣ ኣብ መንጎ መስመራት ካርታን ኣብ ግብሪ ዝትርጎም ጽልዋን ዘሎ ዓቢ ምስጢር እዩ። ኤርትራ ነቲ ተፈጥሮ ዝዓደላ ጂኦ-ስትራቴጂካዊ ብልጫ ብብቑዕ መሪሕነትን ዲፕሎማሲያዊ ብልሃትን ክትጥቀመሉ ከላ፣ ሃገራዊ ልዑላዊነታ ብምሕላው፣ ኣብ ዞባዊ ርግኣትን ልምዓትን ዘለዋ ተራ ክዓቢ እዩ።

ብሓፈሻኡ ክርአ ከሎ፣ ካብ ካርታ ናብ ጽልዋ ዝግበር ጉዕዞ ፖለቲካዊ ብስለትን ስትራተጂካዊ ዓቕምን ዝሓትት እዩ። ኤርትራ ኣብ ልብን መተሓላለፍን ቀይሕ ባሕሪ ብምቕማጣ፣ ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃን ማእከላይ ምብራቕን ዘይትካእ ስትራተጂካዊ ረብሓ ሒዛ ትርከብ። እዚ ጂኦ-ፖለቲካዊ ረብሓ እዚ፡ ንኤርትራ ኣብ ኣህጉራዊ ፖለቲካ ማእከል ስሕበት ብምግባር፡ ርግኣታን ልምዓታን ንምውሓስ ፈጺሙ ዓቢ ዓቕሚ እዩ። ጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጣ ኤርትራ ንመጻኢ ወለዶታት ዝተርፍ ቀዋሚ ሃብቲ ብምዃኑ'ምበኣር፡ ከም ወትሩ ብብልሃትን ብሓላፍነትን ክንሕዞ፡ ክንከላኸለሉን ክንጥቀመሉን ይግባእ። ጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጣ ኤርትራ፡ እቲ ኣካል ሃገራዊ ሓይልና ስለዝኾነ!






# ሽባብ

ሃማመተኤ

## ሓሳባት

# ዛንታ ፓብሊዳ

መሓሪ ዑቕባሚካኤል (ጠዊል)

34 ዓመት ዝዕድመአ ህንዳዊት እያ። ብዓውዲ ፋርማሲ ብ2012 ምስ ተመረቐት'ያ ስራሕ ንምርካብ ኢላ ናብ ሩስያ ከይዳ። ተኻወነላ እውን። ኣብ ሓደ ትሩፒን ዝብሃል መድሃኒት ዘፍሪ ትካል ንሸዱሽተ ዓመት ዓየየት። ጽዑቕን ጽቡቕ ክፍሊት ዘነበሮን ስራሕ ስለ ዝነበረ ኣብቲ ዝነበረ ናይ ሸዱሽተ ዓመት ግዜ እኹል ገንዘብ ኣዋህለለት። ኣብ ጥቓ ከተማ ሙምበይ ናብ ዝርከቡ ስድራኣ እኹል ዝበለቶ ገንዘብ ሰደደት። ንዓኣ እውን ንዝኾኑ ካልእ ንግዲ የጀምረን'ዩ ዝበለቶ ገንዘብ ኣብ ኢዳ ሓዘት። በዝን በትን ኢላ ገንዘብ ኣብ ምርካብን ምውህላልን ተጸሚዳ ዝጸንሐት ፓብሊዳ ጉዳይ ገንዘብ መልሲ ክርከቦ ምስ ጀመረ፡ ክልተ ሓሳብ ኣብ ርእሳ ክመላለስ ጀመረ፣ ውላድን ሓዳርን። ነቲ ኣርእስቲ ሓዳርን ውላድን ኣይበለቶን፣ እንታይ ድኣ ውላድን ሓዳርን። ኣብ ርእሲ ፓብሊዳ "ሓዳር እንተ ድኣ ገይረ ከም ድላየይ ዘይክሰርሕ ይኽእል'የ፡" ዝብል ምኽንያት ነበረ። ክትወልድ ግን ትደሊ ነበረት። ኣቦኣ ራጁ ኳል 16 ዓመት እንከላ'ዩ ብሓደጋ ባቡር ሞይቱ። ኣብተን ድሕሪ ሓደጋ ኣብ ሆስፒታል ዝሕለፈን ሰለስተ መዓልታት ኣቦኣ ቃል ኣእትዩዋ ነበረ። "ኣብ ርእሲ እቶም ንስኺ ክትወልድዮም እትደልዩ ቁጽሪ፡ እቶም ኣብ ሓሳበይ ኣለዉ ዝብለኪ ዝነበርኩ ክልተ ቆልዑ ውለድዮም ኢኺ፡" ዝብል ቃል። ፓብሊዳ ነቶም ንሳ ክትወልዶም ትደሊ ዝነበረት ከይጠቐሰት፡ ነቶም ኣቦኣ ኣብ ርእሰኣን ርእሲ ሓዋን ኣሕዋት ክኾኑዎም ኢሉ ክውሰኾም ዝደሊ ዝነበረ ወድን ጓልን ኣብ ርእሳ ኣእተወት። ናይ ውላድ መደባ ድማ ኣብዚ ዓንኬል ኣሰረቶ።



ፓብሊዳ ኣብቲ ኣብ ሩስያ ዝነበረትሉ ግዜ ካብ ሓደ ሱፐር ማርኬት ዘድልያ ትዕድግ ነበረት። ዲማር ሓደ ካብቶም ኣብቲ ድኳን ዝጸንሑዋ ዝነበሩ መንእሰያት ነበረ። ብፍላይ ዓርቢ ዓርቢ ድሕሪ ፋዱስ ዕረፍቲ ስለ ዝነበረት ናብቲ ድኳን ክትመጽእ እንከላ ንነብሳ ዝኣክል ግዜ ሂባ (መንእሰያት ዘናኒጣ ኢኹም ትብሉዎ ትኾኑ) ትመጽእ ነበረ። ፓብሊዳ ኣብ ምምልላሳ ኣብ ኣዒንቲ ዲማር ዝተፈልየ ርእየት ክትምልከት ጀመረት። ካብ ምርኣይ ሓሊፉ ክዕዘባ ጀመረ። ካብ ናይ ቃል ሰላምታ ናብ ናይ ኢድ ሰላምታ ተሰጋገረ። ንሳ እውን ነቲ ስድራ ዘምስሕ ኢድ ዲማር ሰላም ክትብል ጀመረት። ሓደ መዓልቲ ፓብሊዳ ንዲማር፡ "ኢድካ ኣመና'ዩ ዓቢ፡" በለቶ። ንሱ እውን "ሓቅኺ ፓቢ...፡" ኢሉ ሓሳቡ ከይወድአ "ፓቢ ዲኻ ዝበልካ፣ ፓፓ፡ ፓቢ ኢሉ ይጽውዓኒ ከም ዝነበረ ብኸመይ ፈሊጥካ፣" ብምባል ኣቦኣ ፓቢ ኢሉ ይጽውዓ ምንባሩ ሓበረቶ። መልሲ ዲማር ፍሽኽታ ነበረ። ዲማር; "ነቲ ኢድካ ኣመና'ዩ ዓቢ" ዝብል ንምምላስ ኣመልካቲት ኣጻብዕቱ ናብ መትልሑ (ርእሱ) እናመልከተ፡ ኢደይ ጥራይ ኣይኮነን ዓቢ፡ ርእሰይ እውን ዓቢ እዩ ዘሰምዕ ኣመልከተ።

ቅድመኡ ካብ ዝነበሩ ምቅርራባት ዝተፈልየ ኩነታት ይፍጠር ከም ዘሎ ዘስተብሃለት ፓቢ፡ ዝዓደገቶ ጠራኒፋ ነቐለት። ዲማር እውን ምስኣ ንምኻድ ስለ ዝወሰነ፡ "ጽንሒ በሊ፡ ስራሕ ክዓጹ'ሞ ምሳኺ ክኸይድ፡" በላ። ኣብ ሓጺር ግዜ ዝለዋወጡ ነገራት ትዕዘብ ዝነበረት ፓቢ፡ ነቲ ክልተ ሰባት እውን ዝስሕቡዎ ዘይመስል መዓጹ ናይቲ ድኳን ብቐሊሉ እናስሓበ ከውርዶ ከሎ ሱቕ ኢላ ትዕዘብ ነበረት። ሞተር መኪና ኣልዒሉ ማዕጾ ከፊቱ ኣእተዋ። ኣብ ውሽጢ መኪና ምስ ኣተወት፡ "ፓቢ ሽኮር" ዝብል ጽሑፍ ጸንሓ። ኣግርሞት ፓቢ መሊሱ ወሰኸ። ዲማር ብዛዕባኣ ክሳብ ክንደይ ይፈልጥ ክትፈልጥ ካብ ምድላይ፡ "በዚ'ዩ ገዛ፡ ናብዚ ኢና ንኸይድ፡" ከይበለት ተኣርሚማ ቀጸለት። ኣብ ኣፍደገ ገዛኣ ምስ በጽሑ፡ "ፓቢ ምናልባት ኣብ ልብኺ እምበር ኣብ ገዛኺ ሰብኣይ ከም ዘየለ እፈልጥ እየ፡" ኢሉዋ ንዝዓደገቶ ንብረት ናብ ቀጽሪ ገዛኣ ኣእትዩ ኣብ ጸጋማይ ኢዳ ስዒሙዋ ከደ። ፓቢ ድማ ዲማር ኣጸቢቑ ይከታተላ ምንባሩ ድሒሩ በርሃላ።

ከምዚ ኢሉ ዝጀመረ ምቅርራብ ዲማርን ፓቢን ናብ ፍቕሪ በጽሐ። ድሕሪ ክልተ ዓመት ናይ ሌላኦም ፓቢ ንዲማር ናብ ስድራኣ ሒዛቶ ክትከይድ ደለየት። ቅድሚ ኣደኣ ድማ ነቲ ካብኣ ብሸዱሽተ ዓመት ዝንእስ ራቫ ሓዋ ኣካፈለቶ። ራቫ ሓጺር መልሲ ሃባ። "ነዚ ዝበልክኒ ብኽልተ መገዲ እርእዮ። ብኣርኣእያይን ኣርኣእያ ስድራናን። ብኣርኣእያይ ጸገም የብሉን፣ ብወገን ማማ ግን ቀሊል ኣይመስለንን። ማማ ብምኽንያት ባህሊ ኣብ መንጎ ሰባት ዘሎ ፍልልይ ከተረድእ እንከላ፡ ኣብ መንጎ ሰባት ካብ ዘሎ ፍልልይ ኣብ መንጎ ሰብን ኣንበሳን ዘሎ ፍልልይ ይውሕድ ከም ትብል ትፈልጢ ኢኺ፡" በላ። ኣብ ዩኒቨርሲቲ ሞምባይ ኣብ ዓውዲ ስነ ሕብረተሰብ እትምህር ኣደ ፓቢ፡ ሰባት ዝያዳ ካልእ ነገር ሰባት ብሓፈሻ መጻምዲ ኣብ ምምራጽ ድማ ብቐንዱ ዕቱባት ክኾኑ'ያ ንደቃ ትመክር። ነዚ ቅድም ኢሉ ራቫ ዝበሎ ድማ'ያ ከም ኣብነት እትቐርብ። ወላዲት ፓቢን ራቫን፡ ነቶም ክንዲ ኣቦን ኣደን ኰይና ኣብ ዝብጻሕ ዘብጽሓቶም ደቃ፡ "ካብ ኣብ መንጎ ሰባት ዘሎ ፍልልይ፡ ኣብ መንጎ ሰብን ኣንበሳን ዘሎ ፍልልይ ይውሕድን ይንጽርን፡" ትብሎም ነበረት። ነቲ ኣብ እንዳ ኣባሓጎኦም ዝዓበየ ኣምበሳ ድማ'ያ ከም ኣብነት ተቕርቦ ዝነበረት። እቲ ኣብ ስድራኦም ዝዓበየ ኣንበሳ ሓንሳብ ናብኦም ምስ ቀረበ ክሳዕ እርጋኑ ምስኦም ብሰላም ይቕመጥ ነበረ። መላእ ስድራ እቲ ኣምበሳ እንታይ ይደሊ፡ ንድላዩ ብኸመይ የሳስዩን ፈሊጦም ነበሩ። ነቲ ረቒቕ ዝኾኑ፡ እሞ ከኣ ኣብ ዝተፈልየ ባህሊ ንዝዓበየ ሰብ ብፍቕርን መውሰቦን ናባኻ ምቕራብ ክሳብ ክንደይ ከቢድን ብቐሊሉ ዘይብጻሕን ምዃኑ ወትሩ ንደቃ ተረድእ ነበረት።

ብኣንጻር ናይዚ ፍቕሪ ፓቢን ዲማርን እናዓመቑ ከደ። ፓቢ ነቲ ንዲማር ናብ ስድራኣ ምውሳድ ዝብል ዝነበረ መደብ እናኣዋደቐቶ ከደት። ብፍላይ ነቲ ብትሩ ዝፍለጥ ሓዋ፡ ድሕሪ መልሱ ብዛዕባ እቲ ጉዳይ ካብ ምዕላል ተሓየበት። ሓዋ እውን ኣብ ስራሑን ህይወቱን ኣድሃበ። ብፍላይ ራቫ ምስ ሓንቲ ኣደኡ እትፈልጣ ዝኸምኡ ህንዳዊት ናይ መርዓ መደብ ምስ ሓዘ፡ ፍልልዮም ዝገፍሐ መሰላ። ብብዝሒ ካብ ምድዋልን ምጽሓፍን ክትበኩር ጀመረት። ኣደኣ እውን፡ "ኣይትመጽን ዲኺ ድኣ፣" እናበለት ክትድውለለን ክትጽሕፈላን ጀመረት። እንተኾነ ፍቕሪ ፓቢን ዲማርን ንኹሉ ዘረስዕ ነበረ። ኣብ ከምዚ ህሞት እንከለዉ ፓቢ ካብቲ መላእ ስድራቤታ ዘካይዶ ናይ ማይ ምሕጻብ ፈስቲቫል ኣብኩረት። ከተብኩር እውን ሓቃ ነበረት። ግዜኣ ጸብጺባ መንዲል ንጽህና ገዚኣ'ኳ እንተ ነበረት ሓንቲ ከየልዓለትሉ ዓሰራይ መዓልቲ ኣሕለፈት። ተሰሚዑዋ ዘይፈልጥ ምልክታት እውን ኣብ ነብሳ ርኣየት። እወ ሓቅኹም ጠኒሳ እያ። ካብ ሩስያዊ ዲማር።

ፓቢ ናይ ሸሞንተ ኣዋርሕ ጥንሲ ምስ ሓዘት ወዲ ሸሞንተ ዓመት ዝኸውን ቈልዓ ኣብቲ ወትሩ ንብረት ትገዝኣሉ ድኳን ክመላለስ ጀመረ። ፓቢ ኰነታት እቲ ቈልዓ ክትፈልጥ ዝያዳ ካልእ ግዜ ናብቲ ድኳን ክትመላለስ ጀመረት። ዲማር፡ "እንታይ እዋኑ ድኣ ኣስቤዛ ይውዳእ ኣሎ፣" እናበለ ክሓታ ጀመረ። ፓቢ ድማ ነዚ ሕቶ ከም "ናብዚ ድኳን ኣይትምጽኢ" ገይራ ክትርድኦ ግዜ ኣይወሰደትን። ከም ውጽኢቱ ናብቲ ድኳን ከይመጽኣት ልዕሊ ዓሰርተ መዓልታት ኣሕለፈት። ዲማር "ቀሪባ'ያ ትኸውን" እናበለ ነቲ ወትሩ ካብቲ ድኳን እትወስዶ ነገራት ባዕሉ ከብጽሓላ ጀመረ። ብድሕሪ'ዚ ፓቢ "ነገር ተጋሂዱ" ክትብል ጀመረት። ፓቢ ኣብ ርእሳ ሕማቕ ሓሳብ ክመላለሳ ጀመረ። "እዚ ኣብቲ ድኳን ዝርእዮ ቀልዓ ወዲ ዲማር እንተ ኰይኑ፡ ነዚ ካብ ዲማር ዝወልዶ ቈልዓ ኣይከዕብዮን'የ፡" ዝብል ናይ ዓቕሊ ጽበት ሓሳብ። ፓቢ ሓሪሳ ካብ ሕክምና ምስ ወጽኣት እቲ ወዲ ሸሞንተ ዓመት ቈልዓ ኣደኡ ሒዙ ናብ ገዛኣ መጽአ። እቲ ፓቢ ወዲ ዲማር እናበለት ትጥርጥሮ ቈልዓ። ፓቢ ነቲ ቈልዓ "ምስ መን ድኣ መጺእካ፣" ክትብል ሓተተቶ። እቲ ቈልዓ ድማ "ምስ ባባ" ክብል መለሰ። ልቢ ፓቢ ፈግ በለ። ብፍቕሪ ተዓሻሽያ ኣብ ዘየጻረየቶ መደብ ኣትያ ከም ዘላ ሓሰበት። እንተኾነ እቲ ቈልዓ ወዲ ሓብቱ ንዲማር እዩ ዝነበረ። እቲ ባባ ዝበሎ ሰብኣይ ሓብቱ ንዲማር መኪና ዓጻጽዩ ናብ ገዛ ኣተወ። ውላዳ እናርኣየ እንከሎ ንሳ ከኣ ንዓኡ ትርኢ ነበረት። ዲማር ዘይምኺኑ እያ ደጋጊማ ተረጋጊጻ ዝነበረት። ኣብ ግምባራ ዝነበረ ርሃጽ ሻቡ ነቐጸ። ህርመት ልባ ናብ ንቡር ተመልሰ። ሓብቲ ዲማር፡ ዲማር እታ ኣብ ፓኪስታን እትቕመጥ ፓኪስታናዊት ኣደኡ ሓሚማ ሆስፒታል ስለ ዘኣተወት፡ ንኽሉ ሰብ ከይነገረ ኣደኡ ንምርዳእ ከም ዝኸደ ሓበረታ። ካብ ሓልዮት ዝተላዕለ ቅድሚ ሕርሳ ንፓቢ ክትነግራ ከም ዘይብላ ከም ዝተማሕጸና እውን ነገረታ። እዚ ዘረባ ነታ "ኣታሊሉኒ፡ ኣብ ርእሲ ሓዳሩ እዩ ካባይ ወሊዱ፡ ነዚ ዝውለድ ህጻን ኣይከዕብዮን እየ" ወዘተ ትብል ዝነበረት ፓቢ ሕልሚ እዩ ዝነበረ። ጥዑም ሕልሚ!

# ዘየድልየካ ኣሉታዊ ሓበሬታ ምእካብ

ኣብዚ እዋን፡ ብዙሕ ሰብ ዕላሉ ተመሳሳሊ እናኾነ ይኸይድ ኣሎ። ግዜን ሰብን ብዘምጽኦ ኩነታት፡ ናይ ሓባር ሽግር ይህልወካ'ሞ፡ ብሓባር ኴንካ ንኽተዕልል (ንኽተማርር ምባል ይሓይሽ) ይቕሰበካ። ከምኡ ምግባር ባህርያዊ እዩ፥ ምኽንያቱ ንኽተተፍንስ ስለ ዝሕግዝ። ግና ንግዚኡ እምበር ንነዊሕ እዋን ዝኸይድ እንተኾይኑ ፋይዳኡ ውድቀት ጥራይ'ዩ። ብሓባር ኴንካ 'ምኒን' ምባል፡ ሽግርካ ዘብእስ እምበር ፍታሕ ዘምጽእ ኣይኮነን። እቲ ኣመና ዘሕዝን ድማ ብኽልቲኡ ወገን ዝመጽእ ዕላል ፍታሕ ዘምጽእ ዘይኮነስ፡ ንሽግርካ ሽግር ዝውስኽን መመሊስካ ሞራልካ ዘውድቕን እንተኾይኑ እዩ። ካብ ዝኾነ ዕላል ወይ ዘተ ክንከስብ ጥራይ'ዩ ዝግባእ። ሰሓቕ መኽሰብ'ዩ፤ ኢሂን-ምሂን ምባል መኽሰብ'ዩ። ካብኡ ወጻኢ፡ ሓደ ወገን 'ግናይ' ወረ ሒዙ ይመጽእ'ሞ፡ እቲ ኻልእ ድማ 'ዝገነየ' ሓበሬታ የምጽእ፥ ከይተረድኦም ውድድር ንውድቀተ-ሞራል ይጻወቱ።

ካልእ ዓይነት እካበ ሓበሬታ ድማ ዋላ'ኳ ንምምራር ዝዕድም ኣይኹን፡ ንምጉዳም ኣእምሮ ግና ሓያል ተራ ይጻወት። ንኣብነት፡-

ሓደ ግጥም ጸወታ ኩዕሶ ድዩ ካልእ ዓይነት ስፖርት ምዕዛብ፡ ከም ምዝንጋዕ ስለ ዝሕሰብ ከከም ዝንባለኻ ኣገዳሲ'ዩ። ካብ ቅድሚ'ቲ ጸወታ ኣትሒዝካ ሓበሬታ ንምእካብ ዝግበር ሕጊግታን ሻቕሎትን፡ ከምኡ'ውን ድሕሪ ግጥም ዝግበር ንነዊሕ እዋን ዝኸይድ ትንተናታት፡ ካብኡ ሓሊፉ'ውን ኣብ ውልቃዊ ህይወት ተጻወትቲ ኣቲኻ ዝግበር ሃተፍተፍን ግና 'ሞያኻ' እንተዘይኮኑ፡ ዋላ ሓንቲ'ኳ ኣይጠቕመካን'ዩ። ምኽንያቱ፡ እዚ ኣብ ሕልሚ ካብ ምንባር ብምንታይ ክፍለ ይኽእል?

ብዝኾነ መደምደምታ ዕላልና፡ እቲ ኩነ ኢልና ዲና ብኣጋጣሚ እንምእርሮ ሓበሬታ ኣብ ህይወትና እንታይ እዩ ዝጠቕመና ኢልና ክንሓስበሉ ንምዝኽኻር ኢና እዚ ኣርእስቲ ኣልዒልናዮ። ምኽንያቱ፡ ኣብ መወዳእታ ሰብ ብሞያ እዩ ዝነብር። ብቐጥታ ሞያኡ ንምዕባይ ዘገልግሎ ሓበሬታ ክእክብ ድማ ግቡእ'ዩ። ኣብ ኩሉ ጉዳይ ደንቆሮ ምኳን ጽቡቕ ስለ ዘይኮነ፡ ላህመታዊ ወይ 'ምስ ሰብ መሐወሲ' ዝኾነካ ሓበሬታ ምናልባት ቁሩብ-ቁራቦ ጥቕሚ ይህሉዎ ይኸውን፥ ካብ ሰብካ'ኳ ኣይትንጸልን። ካብኡ ሓሊፍካ፡ ኣብ ዘይሞያኻ ኣቲኻ እትእክቦ ማእለያ ዘይብሉ ቀንጠ-መንጢ ይኹን ዋላ ኣመና ኣገዳሲ ሓበሬታ ግና ክሳራ እዩ። ምኽንያቱ፡ እቲ ነዚ ሓበሬታ ንምእካብ ዘጥፋእካዮ ግዜን ጸዓትን፡ ሞያኻ ንምዕባይ ተጠቒምካሉ እንተ ትኸውን ማዕረ ክንደይ ክትዓቢ ከም እትኽእል ምፍላጥ ከድልየካ እዩ።

ሕጂ'ውን ይኹን ነዛ ጽሕፍቲ ንምንባብ ኣብዛ መስመር በጺሕካ ኣለኻ። እዚ ተንብቦ ዘለኻ ሓሳባት 'ኣይጠቕመንን'ዩ' ኢልካ እንተ ኣሚንካ፡ ነዛ መጽሔት ዓጺፍካ ጠንጥና! ዘይጠቕመካ ጽሑፍ ደኣ እንታይ ክዓብሰልካ።

ብፍላይ ሎሚ ከም ንፍዮ ክወጽኣልና ዝግባእ ወልፌ ማሕበራዊ መራኸቢታት (ሶሻል ሚድያ) መጺኡና ኣሎ። ኣብቲ ምዕቡል ዓለም ን'ስራሕ' እምበር፡ ንወረ ዝኸውን ግዜ ኣመና ውሑድ'ዩ። ድላይና ምኽንያት ነምጽእ ድማ፡ እቲ እንኮ ክንምዕብለሉን ካብ ቀይዲ ናይቶም ኣእምሮና ሓዩሮም ብመደብ ከይንምዕብል ዝዓግቱና ዘለዉ ሓይልታት ክንውጽኣናን ዝኽእል እንኮ ፍታሕ፡ ግዜና ኣብ ዕብየት ነብስና ምውዓል ጥራይ'ዩ። ምኽንያቱ፡ ንሳቶም ዘድልዮም ሓበሬታ እናኣከቡ፡ ንዓና ድማ ጉሓፍ ዝኾነ ሓበሬታ ካብ ምዕዳል ደው ኣይክብሉን እዮም።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ደሃብ ረዘ ብጹኣምላኽ፡ ኣደይ ዑቕባማርያም ማና ሰቘር ስለዝዓረፈት፡ ኣነ 1 ጓል ጥራይ ወራሲታ ምኻነይ ክረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/07/2026 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ49 ይቕረብ።

ክርስቶፈር ኣብ.ብ ግርማይ ምባል ተረፉ፡ የናድኣብ ኣብ.ብ ግርማይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ብስራት ሃደለ ብሩ፡ ብዓል ቤተይ ሃይሉ ያሬድ ሃይለማርያም ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ኣቶ ተወልደመድህን ብርሃ ገ/ማርያም፡ ሓፍተይ ሉተግገስ ብርሃ ጉብረማርያም ስለዝዓረፈት፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረታ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕዳድ

ወ/ሮ ቅዱሳን ተኸለይ ሃብተማርያም፡ ብዓል ቤተይ ዝብራይ ኣብርሃም ጎደፋይ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሉተብርሃን ኒጋሽ ክፍሉ፡ ምባል ተረፉ፡ሉተብርሃን መሓሪ ኢያሱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰረጀቃ እምባደርሆ

መኣዛ ተሰፋይ፡ የማነ ኣማንኤል ቀለታ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ገለብ

ዓረፈት ዓቤ ጃውድ ምባል ተረፉ፡ ምዕራፍ ዓቤ ጃውድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን03/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ንሕና ወረ/ኁ ተረፈሽ ወልደገርግሽ ዝኾንና ሽዋይኽ ወልደገርግሽ +2 ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ኣባሻውል ጎደና ዓብደልሓሚድ ቁሎታ 41 ቁ.ፓርሰል "ሰ." ስፍሓት መሬት 58.85 ቁ/ገዛ 39 ዝርከብ፡ ብቁ.ምስክር ወረቐት 121850 መወከሲ ቁጽሪ 114997 ተመዝጊቡ ዘሎ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ብውርሲ ዝወሃንናዮ፡ ናብ ስምና ክመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ኣብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ።

ኣቶ መሓሪ ተኽስተ

---

ንሕና ወረ/ኁ ተረፈሽ ወልደገርግሽ ዝኾንና ሽዋይኽ ወልደገርግሽ +2 ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ማይ ተመናይ ጎደና ኳዜን ዚ.ፕ ኮድ 1A112፡ ፕሎት 14 ፓርሰል 2Z ስፍሓት መሬት 358 ብቁ/መዝ ካዳስተር 1BRASM000566/0 ብዕለት 17/10/2020 ተመዝጊቡ ዘሎ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ብውርሲ ዝወሃንናዮ፡ ናብ ስምና ክመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ኣብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ።

ኣቶ መሓሪ ተኽስተ

---

## ምልክታ ጨረታ

ህዝባዊ መጉዓዝያ ከተማታት (ቀያሕቲ ኣውቶብሳት) ኣብ'ዞም ኣብ ታሕቲ ተጠቒሶም ዘለዉ ናይ ጽገና ስርሓት ንዘለዎም ብቑዓትን ሕጋውያንን ተጫረትቲ ይዕድም።

ዓይነት ጨረታ፦

1. ጽገና ዝተፈላለዩ ቬትሮታት፡
2. ጽገና ፋይበር ግላስ፡
3. ሓፈሻዊ ጽገና ኮምፒዩተር፡ ፕሪንተር፡ ፎቶኮፒየር፡
4. ጽገና ኣብ ውሽጢ ትካል ዝርከብ ስርዓት መራኸቢ ማስመር ቴሌፎን።

ተጫረትቲ ክማልእዎ ዘለዎም ነጥብታት፦

1. ጨረታ ካብ ኣብ ጋዜጣ ዝወጸሉ ዕለት ን20 መዓልታት ንኹሎም ሕጋውያን ተጫረትቲ ክፉት ይኸውን።
2. ተጫረትቲ ዘቕረብዎ ዋጋታት ብመሰረት እቲ ብትካል ዝወጸ ሕጋዊ ሰነድ ጨረታ ኮይኑ ብሰታሪት ተዓሺጉ ይቕረብ።
3. ተጫረትቲ፡ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100.00 ናቕፋ ብምኽፋል ሰነድ ጨረታ ክወስዱ ይኽእሉ።
4. ተጫረትቲ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2025 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ ቅዳሕ ታሲራ፡ ከምኡ'ውን ቅዳሕ ዓመታዊ ግብሪ ዝኸፈሉሉ ሰነድ (Clearance) ናይ ዓመት 2024 የቕርቡ።
5. እዋን ምርኻብ ሰነዳት ጨረታ ምስ ኣብቀዐ ቀጺላ ኣብ እትርከብ ናይ ስራሕ መዓልቲ ሰዓት 9:00 ቅድሚ ቀትሪ ኩሎም ተጫረትቲ ወይ ድማ ሕጋዊ ወኪሎም ኣብ ዝተረኽቡሉ እዋን ሰነዳት ምኽፋት ሰታሪት ተጫረትቲ ትኻለት ይኸውን።
6. ንመኽበሪ ጨረታ ዝኸውን 20,000.00 ናቕፋ (ዕስራ ሽሕ ናቕፋ) ብ C.P.O ኣትሒዞም የቕርቡ።
7. ዝያዳ ሓበሬታ ኣብ ፊት ቤት መግቢ ሊባኖስ ንዝርከብ ቤት ጽሕፈትና መጺእኩም ወይ ብቁጽሪ ተሌፎን 200207 ብምድዋል ክትወስዱ ትኽእሉ።
8. ትካል ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ጨረታ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ህዝባዊ መጉዓዝያ ከተማታት

---

ኣነ ወ/ሮ ዘውዲ ፍስሃየ ዓንደብርሃን፡ ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ በሪኽ ምም/ ከባቢ ቋሸት ኣብ ZIP 1B1977 ፕሎት 1 ፓርሰል F ቁ ASD 00040489 ASP00046019 ብቁ.ምዝገባ ንብረት 1BRBRK019333/1 ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስትራል ብስመይ ዝተመዝገበ፡ ስፍሓቱ 242.00 ት/ሜ 2 ቀንዲ ክፍሊታት፣ 2 ሓገዝቲ ክፍልታት ዝርከቦ መንበሪ ገዛ፡ ናብ ስም ዓዳጊት ወ/ሮ ፈሽን ክብሮም ምራጭ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ መውዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉ እንተ ነይሩ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓፕሊክ ኖታሪ ዞባ ማእከል ይቕረብ።

ወ/ሮ ዘውዲ ፍስሃየ ዓንደብርሃን
ወኪል ሚካኤል መኮንን ፍስሃየ

---

ወ/ሮ ኮኾብ ኢያኣብ ጺጋይ፡ ዝተፈቕደለን ናይ መሸጢ ናውቲ ጽሕፈት ንግዳዊ ትካለን "ሂያብ መሸጢ ናውቲ ጽሕፈት" (HIYAB STATIONERY) ተባሂሉ ክሰየመለን ስለዝሓተታ፣ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ክምዝገቦ ኸፍልጥ።

ክፍሊ ወሻጣዊ ንግዲ

---

ኣነ ወ/ሮ ትርሓስ ኣርኣያ ጋርዛ +10 ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ቲራቮሎ ከባቢ ካምፓኘሎ ፕሎት 17 ፓርሰል B ዚፕ-ኮድ 1A189 ጉደና ከርከበት ዝርከብ፡ ኣብ ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ቤ/ጽ ካዳስተር ብቁጽሪ ንብረት 1BRASM022060/0 ብዕለት 04/06/2026 ብስምና ተመዝጊቡ ዋንኡ እተረጋገጸ ስለ ዝሸጥናዮ'ሞ ስም ዋንኡ ናብ ስም ዓዳጊቲ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ። እንተዘይቀረበ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ክንፍጽም ምዃንና ንሕብር።

ወ/ሮ ትርሓስ ኣርኣያ ጋርዛ +10

---

ትካል ሰብርገማ ማዕድናዊ ማይን ልስሉስ መስተን ናይ ብርኪ ማሕበር ጸብጻብ ናይ ሰብ ብርኪ ኣኼባ ስለዘሎ፡ ኩሉ ወናኒ ብርኪ ንሰንበት ነሓሰ 02 ሰዓት 8:00 ቅ.ቀ ኣብ ቀጽሪ ትካልና ጎደና እምባደርሆ ክትረኽቡ ምኻኑ እናሓበርና፣

* ኩሉ ማሕበርተኛ ናይ ዋንነት ብርኪ ሒዙ ክርከብ ይግደድ።

* ወኪል ምስ ዝኸውን ቅድሚ 48 ሰዓታት ናይ ውክልና ቅዳሕ ሒዙ ኣብ ቤት ጽሕፈትና የመዝግብ።

ኣብ ላዕሊ ካብ ዝተገለጸ ሓበሬታ ወጻኢ ኣብ ኣኼባ ምስታፍ ኣይፍቀድን።

---

## NOTICE

Notice is hereby given to the public that the shareholders of Santa Famiglia Pasta Manufacturing P.L.C, on their Extraordinary Meeting held on the 18th day of June 2026 have resolved that;

Senait Asfha, be and is hereby appointed as Co-Manager of the Company for unlimited period of time to act jointly or severally with the existing manager effective as of 18th day of June 2026.

Santa Famiglia Pasta Manufacturing P.L.C

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ወ/ሮ ንግስቲ ሃደለ ሃብተጽዮን፥ ብዋል ቤተይ ዘወንጌል ዑቕባይ ገማል ስለዝዋረፈ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 4 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ወ/ሮ ጸሃይነሽ ኣስገዶም ለገሰ፥ ብዋል ቤተይ ኣማረ እምባየ ካሳ ስለዝዋረፈ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 3 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲ ኣቶ መብራህቱ የማነ ጸጋይ፥ ተኸሳሲት ወ/ሮ ኣኽበረት ኣፈወርቂ ብርሃኑ ንሲቪል ዝምልከት ጉዳይ ኣብ ቤ/ፍ ተኸፊቱ ስለ ዘሎ፡ ን29/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ቀረብ። እንተዘይቀሪብኪ፥ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምኳኑ ንፈልጥ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዓላ

ሊድያ ዞማኪል ግርማይ ምባል ተሪፉ፥ ሊያ ዞማኪል ግርማይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ብርኽቲ ሕድሪ ምባል ተሪፉ፥ ኤቢና ሕድሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕዳድ

ወ/ሮ ስምረት ወረደ ተስፉ፥ ብዋል ቤተይ ተስፋልደት ኣብርሃም ወልደማርያም ስለዝተሰወአ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 6 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ የውዛና ባስሉ ኀይትኣም፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኤልያስ ኣስመሮም ፍስሓ፥ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን8/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ንፈልጥ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሰረጀቃ እምባደርሆ

ሚለሂር የማነ ግደ ምባል ተሪፉ፥ ሚለሂር የማነ ግደይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ስምኦር ተኽለ ሓድጉ፥ ኣዴና ወ/ሮ ኤልሳ ተኸስተ ሃይለ ስለዝዋረፈት፥ ኣና ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ብስም ብርኽቲ መብራህቱ ዓንደብርሃን (ወኪል) ብቑ.ፍ.ዋዒን ASL00020165 ዝፈኑ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማ/ከተማ ጎደና ደንከል ቁ.ገዛ 20 ዝርከብ ናይ መስተኻኸሊ ጸጉሪ ርእሰን መሕጸብ ሰብነትን ትካለይ፥ ንኣቶ ናትናኤል ኣብርሃም ሰለሙን፥ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ጎደና ደማሳ ቁ.ገዛ 109 ካብ ዕለት 01/06/2026 ክሳብ ዕለት 31/12/2028 ኣካርየዮ ስለዘለኹ፥ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፥ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፥ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፥ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከም ዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ብርኽቲ መብራህቱ ዓንደብርሃን (ወኪል)

---

ብስም ብስራት ሰረቀ ወልደዳዊት ዝተመዝገበ ብቑ.ፍ.ዋዒን ASL00044246 ዝፈኑ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣኽርያ ጎደና ዱርማ ቁ.ገዛ – ዝርከብ ናይ ዱኳን ትካለይ፥ ንኣቶ በይን ተስፉማርያም ተስፉ፥ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጋሻ ነፋሒ ዓዲ ጎምባሎ ቁ.ገዛ – ካብ ዕለት 20/02/2026 ክሳብ ዕለት 19/2/2029 ኣካርየዮ ስለዘለኹ፥ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፥ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፥ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፥ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከም ዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ብስራት ሰረቀ ወልደዳዊት
ሕጋዊ ወኪል ጸገ ኣሰፍሃ ጉብረሚካኤል

---

ብስም ጳውሎስ ኣሰፍሃ እምባዬ ብመወከሲ ቁ.03/000932 ብመለለዪ ቁ.ASP00015462-B ስፍሓቱ 504 ት/ሜ ኣብ ሰምባል ቦንድ ፕሎት 175 ፓርሰል "B" ZIP 7665 ዝርከብ ገዛይ፥ ናይ ህንጻ ኦርጂናል 1.ማስርሒ ፍቓድ 2.ምርሒት መሬት 3.ሎኬሽን ፕላን 4.ሰሌዳ ውዕል ኣጠቓቕማ ክራይ መሬት ካብ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ጨንፈር መሬት ዝተመርሓለይ ሰነድ ስለ ዝጠፈኣኒ፥ ረኺቡዎ ወይ ድማ ዕዳ ሐዚዎ ዝብል እንተሎ፡ ብቑጽሪ ተሌ.07127771 ወይ ድማ ኣብ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ጨንፈር መሬት ኣብ ውሽጢ ሓደ (30 መዓልቲ) ክተፍልጡኒ፣ እንተዘይኮይኑ፥ መተካእትኡ ክሓትት ምኳነይ እሕብር።

ወኪል ወ/ሮ ጻና መብራህቱ

---

ብስም ምዕራፍ ተስፉሚካኤል ጉብረኣምላኽ ዝተመዝገበ ብቑ.ፍ.ዋዒን ASL00043658 ዝፈኑ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገዛ ባንዳ ጎደና ሳሕል ቁ.ገዛ 12 ዝርከብ ናይ ባርን ፋስትፉድን ትካለይ፥ ንኣቶ ኣማንኤል ደርጋው ኣስገዶም፡ ኣድራሻ ዞባ ሰ/ቀይሕ ባሕሪ ን/ዞባ ባጽዕ ጎደና ባጽዕ ቁ.ገዛ – ካብ ዕለት 01/01/2026 ክሳብ ዕለት 30/12/2028 ኣካርየዮ ስለዘለኹ፥ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፥ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፥ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፥ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከም ዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ምዕራፍ ተስፉሚካኤል ጉብረኣምላኽ

---

ብስም ህድኣት ደስታ ተድላ፥ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብመለለዪ ቁ/ንብረት 1:012707 ዝተመዝገበ፥ ኣብ ምምሕዳር ን/ዞባ ሰምባል ከባቢ/ዚፕ ኮድ 1A835 ጎደና 835-44 ዝርከብ ኦርጂናል ሊብሬቶ ስለዝጠፈኣኒ፥ ረኺቡዎ ወይ ብዕዳ ሐዚዎ ኣለኹ ዝብል እንተሎ፡ ብቑጽሪ ቴሌፎን 07512219/152587 ደዊሉ ክሕብረኒ፣ እንተዘይኮይኑ ግን መተካእታኡ ክሓትት ምኳነይ እሕብር።

ኤልሳ ኣፈወርቂ መሓሪ

---

ወ/ሮ ንዕማ ከቢን ሑመድ፥ ዝተፈቕደለን ናይ መጸገንን መሸጥን ናይ ኤሌክትሪክ ኣቑሑት ንግዳዊ ትካለን፥ "ኤም ጀይ መሸጥን መጸገንን ናይ ኤሌክትሪክ ኣቑሑ"(M.J FAMILY ELECTRICAL ITEMS SHOP) ተባሂሉ ክጽውዓለን ስለዝሓተታ፥ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፥ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፥ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከም ንምዝገቦ ነፍልጥ።

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

---

ብስም ኣርያም መልኣከጽዮን ዑቕቡ ዝተመዝገበ ብቑ.ፍ.ዋዒን ASL00044436 ዝፈኑ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣባሻውል ጎደና ዓዲ ሸሩም ቁ.ገዛ 44 ዝርከብ ናይ ቡቲክ ትካለይ፥ ንኣቶ ዞካርያስ በርሀ ሰብሃቱ፥ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ጎደና 157-12 ቁ.ገዛ – ካብ ዕለት 01/05/2026 ክሳብ ዕለት 01/05/2030 ኣካርየዮ ስለዘለኹ፥ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፥ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፥ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፥ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከም ዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ኣርያም መልኣከጽዮን ዑቕቡ
ሕጋዊ ወኪል ደብሳይ ካሕሳይ በርሀ

---

ብስም ዛህራ ዕስማን መሓመድ ዝተመዝገበ ብቑ.ፍ.ዋዒን ASL00040512 ዝፈኑ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣባሻውል ጎደና ሓደሽ ዓዲ ቁ.ገዛ – ዝርከብ ናይ ኤሌትሮኒክስን መምልኢ ፊልምን ትካለይ፥ ንወ/ሮ ፈይሩዝ ረዘ ምስጥፉ፥ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣባሻውል ጎደና 132-1 ቁ.ገዛ 52 ካብ ዕለት 01/12/2025 ክሳብ ዕለት 30/11//2030 ኣካርየዮ ስለዘለኹ፥ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፥ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፥ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፥ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከም ዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ዛህራ ዕስማን መሓመድ
ሕጋዊ ወኪል ጀማል ዓብደልቃድር መሓመድ

---

ኣቶ ጊደዎን ወረደ ጉብረኣምላኽ፥ ናይ ቤት ትምህርቲ ምምራሕ መኪና ንግዳዊ ትካሎም፡ "ከተማ ቤት ትምህርቲ ምምራሕ መኪና" (KETEMA DRIVING SCHOOL) ዝበረት "ሕውነት ቤት ትምህርቲ ምምራሕ መኪና" (HWNET DRIVING SCHOOL) ተባሂሉ ክምዝገበሎም ስለዝሓተቱ፥ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፥ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፥ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከም ንምዝገቦ ነፍልጥ።

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## ሸሪዓ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ሒርያ እድሪስ ዓሊ፡ ኣዜና ሳዕድያ መሓመድ ዓላ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕ29/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

እስክንደር ተስፋይ ፋፋ ምባል ተሪፉ፡ እስክንደር ተስፋይ ገብረኣልፋ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋብኢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ጸሃይነሽ ፍስሃ በኪት፡ ኣደይ ብርኽቲ መብራህቱ፡ ዓንደብርሃን ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋብኢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ጽገረዳ ብርሃ ተኽለሃይማኖት ምባል ተሪፉ፡ ጽገረዳ በርሀ ተኽለሃይማኖት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣኽበረት ገብረመድህን ወልደገብርኤል፡ ብዓል ቤተይ ተስፋይ ተኽለማርያም ተስፋጼን ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋብኢያ ቁ.32 ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕዳድ

ወ/ሮ ሸዋይነሽ ወረደ፡ ብዓል ቤተይ ተወልደ ተስፋሚካኤል ገብረማርያም ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ት/ዕድመ ኣቢ ኣልኣሚን ኣሕመድ ምባል ተሪፉ፡ ብሩኽ ኣልኣሚን ኣሕመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኤልሳ ርእሶም ሃብተሚካኤል፡ ሓፍትና ሰበ ርእሶም ሃብተሚካኤል ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ደጀን በረኸት በርሀ ምባል ተሪፉ፡ የውሃንስ በረኸት በርሀ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ሉተሚካኤል ምስዮና ምባል ተሪፉ፡ ሓዳስ ምስዮና ገብረ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣፍዓበት

ፋጥና መሓመድ ጣሃ ዐመር፡ ስም ኣደይ በኺታ ኢብራሂም ኣሕመድ ምባል ተሪፉ፡ ራያት ኢብራሂም ኣሕመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/8/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዓዚዛ ጃብር ሰዒድ፡ ስም ኣደይ ከዲጃ እድሪስ ማሕሙድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/8/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ሉተሚካኤል ምስዮና ምባል ተሪፉ፡ ሓዳስ ምስዮና ገብረ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ሆሳእና ሃይላት ገብረዝጊ ምባል ተሪፉ፡ ሆሳእና ሃይላት ገብረእግዚኣብሄር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ወልደሩፋኤል ገብረማስቀል ገብረዝጊ፡ ኣቦና ገብረማስቀል ገብረዝጊ ስለዝዋረፈ፡ ንሕና 6 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ሃብል ሰለሙን ነጋሲ ምባል ተሪፉ፡ ሃብል ገርግስ ከሰተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መሓመድእድሪስ ኣበከር ዓሊሸኽ፡ ስም ኣደይ መተመት ጅምዕ ሃኪን ምባል ተሪፉ፡ መርየም ጅምዕ ሃኪን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

እድሪስ መሓመድ ዓብደላ ምባል ተሪፉ፡ እድሪስ መሓመድዓብደላ ኣደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሓልሓል

ዓማራ መሓመድ ዓሊ ምባል ተሪፉ፡ ዓማራ መሓመድዓሊ ዐመር መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኢብራሂም መሓመድ ዐስማን ምባል ተሪፉ፡ ኢብራሂም ዐስማን ሳልሕ ኣቢብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ኣስመረት ፍትዊ ባይሩ፡ ስም ኣደይ ኣበቡሉ ተኽለሃይማኖት ሃብቱ ምባል ተሪፉ፡ ርሻን ተኽለሃይማኖት ሃብቱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ብስም ተስፋስላሴ ግርማጼን ተከኤ፡ ብቑ.ፍ.ዋ.ን ASL00032113 ዝፍቶ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣኽሪያ ጎደና 119-8 ቁ.ገዛ 19 ዝርከብ ናይ ኤሌትሮኒክ ኣቑሑት መሸጢ ትካለይ፡ ንወ/ሮ ሶፍያ ዓንደሚካኤል ሃብተጼን፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣኽርያ ጎደና 132-20 ቁ.ገዛ – ካብ ዕለት 01/01/2026 ክሳብ ዕለት 31/12/2029 ኣካርየዮ ስለዘለኹ፡ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቘጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ።

ተስፋስላሴ ግርማጼን ተከኤ
ሕጋዊ ወኪል ፈቓን ተስፋስላሴ ግርማጼን

---

ኣመልካቲት ወ/ሮ ሸዋይነሽ ገብረሚካኤል በርሀ፡ ኣድራሻ ኣብ ንኡስ ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ጎደና ደብረ መዓር፡ ነቲ ኣብ ንኡስ ዞባ ገዛ ባንዳ ኣብ ካዳስተር ብመለለዩ ቁ/ንብረት 1:003009 ስፍሓቱ 434.64 ት/ሜ ጎደና ሃዘሞ ዚፕ 1A179 ፕሎት 36 ፓርስል ቢ (B) ቁ/ገዛ 50 ተመዝጊቡ ዝርከብ ገዛ፡ ስለ ዝሸጥክዎ'ሞ ናብ ስም ዓዳጊ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ሒዙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ወይ ፓብሊክ ኖታሪ ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘየለ ግና ኦርጅናል ሰነዳት ኣቕሪበ ጉዳየይ ከፈጽም ምኽንያይ እሕብር።

ሸዋይነሽ ገብረሚካኤል
ሕጋዊ ወኪል ኣቶ ግርማይ የውሃንስ ሓጎስ

---

ወ/ሮ ሸዊት ሃብተጽዮን ሃይለ፡ ዝተፈቕደለን ናይ ፋርማሲ ንግዳዊ ትካለን፡ "ኑር ፋርማሲ" 'NUR PHARMACY) ተባሂሉ ክጽዋዕ ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋበና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝግቦ ነፍልጥ።

ክፍሊ ወሸጣዊ ንግዲ

---

ወ/ሮ ፍቓዱ ሃይለ ገብረ፡ "ዳብል ኤም ኮምፒተር ሶልሽንስ" " 'DOUBLE M COMPUTER SOLUTIONS) ዝበሃል ንግዲት ስለዝቐየረ፡ "ትርሲት መሸጢ ኣቑሑ ገዛ" TRSIT HOUSE-HOLD APPLIANCES) ተባሂሉ ክቕየረለን ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋበና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝግቦ ነፍልጥ።

ክፍሊ ወሸጣዊ ንግዲ

---

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ሰረጀቓ ደቀሰበ ቁ.ገዛ – ብቑ.ፍ.ዋ.ን ASL00042887 ናይ ዱኳን ትካለይ፡ ናይ ወ/ሮ ኣበባ ስምኦን ተስፋማርያም፡ ኣብ ዞባ ማእከል፡ ንኡስ ዞባ –፡ ደቡብ ሱዳን ጃባ ቁ.ገዛ – ብዕለት 12/05/2026 መዝ 207/2026 ብውህበቶ ስለዝሃብክዎ፡ ብስም ወዘቢ ዝኽፈሎ ዕዳ ኣሎኒ ወይ ይግባኣኒ እዩ ዝብል ኣካል እንተድኣ ሃልዩ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቃውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቆጺሩ ናብ ስም ወሃቢቶ ተረኪቢ ከምዝመሓላለፍ የፍልጥ።

ተኽለማርያም ስምኦን ተስፋማርያም

---

ኣቶ ኢያቡ ነጋ በሊዩ፡ ዝተፈቕደሎም ናይ ምሕጻብን ምዕራይ ጎማን መኪና ንግዳዊ ትካሎም፡ "ኢግል ምሕጻብን ምዕራይ ጎማን መኪና" (EAGLE CAR WASH&TIRE SERVICE) ተባሂሉ ክጽዋዕ ስለዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋበና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝግቦ ነፍልጥ።

ክፍሊ ወሸጣዊ ንግዲ

# ስድራቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም

# ርድኢት ፍቕሪ ኣብ መንጎ ሰብ ሓዳር

ሉል ተስፋይ
ሚ/ዕ/ማ/ድሕነትን

ሕብረተሰብ ዝዓብኑ ርግኣቱ
ዓቂቡ ዘሰይድን ስድራቤታት ኣብ
ውሽጠን ንዘሎ ጸገማት ብስልጡን
መንገዲ ክፈትሕኦ ዘኽእል ዓቕሚ
ምስ ዝሃንጻ እዩ። ዓቕሚ ኣዳምን
ሄዋንን ዝበጽሑ መጻምዲ፡ ናብ
ዝቕጽል መድረኽ ህይወቶም
ንምስጋር ኣብ ዝገብርዎ ማሕበራዊ
ውሳነ ናብ ሓዳር ምእታው እዩ።
ሓዳር ብዙሕ መግለጺታት ክወሃቦ
ዝኽእል ማሕበራዊ ክስተት ምዃኑ
ይጥቀስ።

ክኢላታት ስነ ሕብረተሰብ፡
ንሓዳር ክገልጽዎ ከለዉ፡ "ኣብ
መንጎ ክልተ እኹላት ተጻመድቲ፡
ሓቢርካ ንምንባር ዝግበር ውህደት
ወይ መውሰቦ" ይብሉ። ብኻልእ
መዳይ ክግለጽ ከሎ፡ "ክልተ
እኹላት ተጻመድቲ ሓቢሮም
ክነብሩ ዝገብርዎ ማሕበራዊ
ውዕል" ተባሂሉ ክግለጽ ይከኣል።
ሓዳር ኣብ ዝምስረተሉ እዋን፡
ንምምስራት ስድራቤት ባይታ
ዘንጽፍ ስለ ዝኾነ፡ ዓቢ ጥንቃቐ
ዘድልዮ ነገር እዩ።

ሰብ ሓዳር፡ ናብ ሓዳር ንምእታው
ኣብ ዝወሰኑሉ እዋናት፡ ኣብ
ውልቃዊ ህይወቶም ዝነበሮም፡
ዕድላት፡ ጸጋታት፡ ሕልምታት ምስ
ካልእ ሰብ ክኣፈልዎ ይምድቡ
ከም ዘለዉ ክግንዘቡ የድሊ። ወዲ
ሰብ ብባህሪኡ፡ ውልቃዊ ናጽነቱን
ድሌታቱን ዓቂቡ ናይ ምኻድ
ድልየት ዘለዎ ፍጡር ምዃኑ
ይጥቀስ። ምስ ኣንጻር ጾታ ኣብ
ፍቕራዊ ዝምድናታትን ሓዳርን
ምእታው፡ ንውልቅኻ ዝነበረካ
ናጽነት፡ ድሌታት፡ ዕላማታት፡
ሕልምታት፡ ጸጋታት ምስ ካልእ
ምክፋል ምውሳን ማለት እዩ።

ፍቑራት ኣብ እዋን ፍቕራዊ
ዝምድናታት፡ ዘድህቡሉ ክፋል
ዝምድናታቶምን ዝሃንጽዎ ኩነተ
ኣእምሮን፡ ሰብ ሓዳር ምስ ኮኑ
ንዝምስርትዎ ስድራቤት ክጸሉ ዓቢ
ተኽእሎ ኣሎ። ዓወትን ውድቀትን
ናይ ሓዳሮም ድማ፡ በዚ ከም ዝዕቀን
ብዙሓት ክኢላታት የመልክቱ።

ሓደ ካብዚኦም ኣማኻሪ ሓዳር
(marital counselor) ብምዃን
ንልዕሊ 30 ዓመታት ዝሰርሐ
ዶክተር ጋሪ ዲ.ቻፕማን እዩ።
ብዘይካዚ ብርክት ዝበሉ ኣብ
ሓዳርን ፍቕራዊ ዝምድናታትን
ዘተኮሩ መጻሕፍቲ ዝደረሰ እዩ።

ዶክተር ጋሪ ዲ.ቻፕማን፡
"ቅድሚ ምምርዓውና ክፈልጦም
ዘድልዩኒ ዝነበረ ነገራት" ኣብ
ዝተሰምየት መጽሓፉ ብዛዕባ
ዕዉት ሓዳር ክዛረብ ከሎ፡ "ኣብ
ሓልዮት፡ ምክብባር፡ ሓባራዊ ራኢ፡
ምምልላእ፡ ምትሕልላይን ፍቕርን
ዝተሰረተ ስድራቤት ንምምስራት፡
ኣብ ቅድመ ሓዳር ዘሎ እዋናት፡
ብዛዕባ ሓዳር ብተጻመድቲ ብቑዕ
መረዳእታ ምውናን የድሊ" ክብል
ይጠቅስ።

ዶክተር ጋሪ ዲ. ቻፕማን፡
ኣብቲ ልዕሊ 30 ዓመታት ዝኸደ
ናይ ምምኻር ስርሓቱ ዝበጽሑ
ተጻመድቲ፡ ስለምንታይ ሓዳር ከም
ዝገበሩ ምስ ተሓተቱ፡ "ብምኽንያት
ፍቕሪ" ዝብል መልሲ ከም ዝሃብዎ
ይጠቅስ። ኣብ ግዜ ፍቕራዊ
ዝምድና ንተጻመድቲ ዝስምዖም
ፍቕራዊ ስምዒታት በይኑ ንዕዉት
ሓዳር መዐቀኒ ክኸውን ከም
ዘይክእል ድማ ይውሰኽ።

ስጡም ሓዳር ንምምስራት
ካልእ ብርክት ዝበሉ ረቛሒታት
መጻምድኻ ምፍላጥ መሰረታዊ ነገር
እዩ። ባህሊ፡ ሃይማኖት፡ ማሕበራዊ
ድሕረ ባይታ፡ ኣተሓሳስባ፡ ቁጠባዊ
ኩነታት፡ ስነ ኣእምሮኣዊ ብስለት፡
ሕሉፍ ተመኩሮታት መጻምድኻ
ብዝግባእ ምፍላጥ ኣገደስቲ
ረቛሒታት እዮም። ብዛዕባ እዞም
ረቛሒታት ግቡእ ግንዛበ ንምእካብ፡
ኣብ ግዜ ፍቕራዊ ዝምድናታት፡
ብዕቱብ ምዝርራብን ሓድሕድ
ምፍላጥን የገድስ።

ኣብ ግዜ ፍቕራዊ ዝምድናታት፡
ንክልቲኦም ፍቑራት ዝስምዖም
ሃነይነይታዊ ስምዒታት፡ ዕድመኡ
ካብ ክልተ ዓመት ከም ዘይሓልፍ፡
ዶክተር ጋሪ ዲ.ቻፕማን ይገልጽ።
እዚ ብውዕዉዕ ስምዒታት፡
ምልውዋጥ ህያባት፡ ኣካላዊ
ምትንኻፍ፡ ዝተሰነየ መስርሕ ኣብ
ዝጠፍኣሉ እዋናት ብኽልቲኦም
ወገናት ምዝሕታል ስምዒታት
የስዕብ። እዚ ድማ "ፍቕረይ ወዲኣ"
ዝብል መረዳእታ ይፈጥር።

በዚ ፍቕሪ ዝመስል ግዚያዊ
ስምዒታት ተደሪኾም ሓዳር ዝገብሩ
ሰባት፡ ሓዳር ንዘሰክሞ ሓላፍነታትን፡
ብድሆታትን ዝኾውን ብቑዕ
ምድላዋት ስለ ዘይገብሩ፡ ኣብ
ኣፈታትሓ ግርጭታት ይሸገሩ።
ብኽልቲኦም ሰብ ሓዳር ድማ፡
"መጻምደይ ፍቕሩ ኣብ ልዕለይ
ጎዲሉ" ዝብል ስምዒታት ይፈጥር።

ድሕሪ ምምስራት ሓዳር
ዘሎ ግንዛበ ፍቕሪ፡ ኣብ ደቂ
ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን
ክፈላለ ከም ዘኽእል ዶክተር
ቻፕማን ይጠቅስ። ነዚ ኣመልኪቱ
ክዛረብ ከሎ፡ "ደቂ ኣንስትዮ ኣብ
ሓዳር ምስ ኣተዋ፡ ብዓል ቤተይ፡
ቀዳምነቱ ካብይ ንላዕሊ ኣብ
ካልእ ማሕበረ ቁጠባዊ ነገራት
ገይሩ" ዝብል ቅሬታ ቀጻሊ ከም
ዘስምዓ ይጠቅስ። ወሲኹ ደቂ
ኣንስትዮ፡ ኣብ ምብህሃል፡ ምግላጽ
ፍቕራዊ ስምዒታት፡ ምኽፋል



ሓበሬታ፡ ምልጋስ ኣድህቦ ዓቢ
ጠመተ ከም ዝገብራ ይገልጽ።
ብሰንበኡ'ተን እዚ ክረኽባ ዘይከኣላ
ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣብ ልዕሊኦን
ዝነበሮም ኣጠማምታትን ፍቕርን
ከም ዝጎደለ ከም ዝርድኣ ድማ
ይነግር።

ብኣንጻሩ ደቂ ተባዕትዮ ዝበዝሐ
እዋን፡ ኣብ ሓዳር ምስ ኣተዉ፡
ንብዓልቲ ቤቶም ዝልግሱላ
ፍቕሪ ካብ ብቓላት ብተግባር
ዝተሰነየ ክኸውን ከም ዝመርጹ
ዶክተር ጋሪ ዲ.ቻፕማን ይጠቅስ።
ብርክት ዝበሉ ኣብ ምኽራዊ
ኣገልግሎቱ ዝተሳተፉ ኣቦታት፡
"ደቀይን ብዓልቲ ቤተይን ዝሓሸ
ህይወት ክህልዎም ነዊሕ ሰዓታት
ይሰርሕ። ንብዓልቲ ቤተይ ድማ
ብሉጽ ህያባት ብምሃብ እኹል፡፡
ዝድለ ፍቕሪን ተገዳስነትን ግን
ኣይረኸብኩን" ክብሉ ቅሬታኦም
ከም ዝገልጹሉ ይነግር። ነዚ
ጋግ ንምጽባብ ሓድሓድ ኩነት
ኣእምሮኦም ክፈልጡን፡ ብዛዕባ
ጸገማቶም ብጋህዲ ክዛረቡን፡
ስድራቤታዊ ግዜ ከሕልፉን
ተመራጺ ምዃኑ'ውን ይገልጽ።

ንሰብ ሓዳር ኣብ ዙርያ ፍቕሪ
ዘተኮረ መረዳእታኦም ንምሕያል
ካብ ዝተጻሕፉ መጻሕፍቲ ብዶክተር
ጋሪ ዲ. ቻፕማን ዝተጻሕፈ፡
"ሓሙሽተ ቋንቋታት ፍቕሪ፡ ሓገዝቲ
ምስጢራት ንምምስራት ነባሪ
ፍቕሪ" ኣብ ዘርእስታ መጽሓፍ
ብቐዳምነት ትጥቀስ። እዛ መጽሓፍ
ብዓለም ደረጃ 6 ሚልዮን ቅዳሓት
ዝተሓትመትን፡ ናብ ልዕሊ 38
ቋንቋታት ዝተተርጎመትን እያ።
ኣብዛ መጽሓፍ ሰብ ሓዳር ፍቕሮም
ንምግላጽ ክጥቀምሉ ዘኽእሉ
ሓሙሽተ ሜላታት ተጠቒሱ ይርከብ፣

1. **ቃላት ምስጋና/ርጉጽነት**

እዚ ኣገባብ ገላጺ ቋንቋ ፍቕሪ
ኮይኑ፡ ሰብ ሓዳር ኣብ መንጎኦም
ንዘሎ ፍቕራዊ ዝምድናታት፡
ንምዕባይ እወታዊ ቃላትን
ፍቕራዊ ቃላትን ክጥቀሙ ዘኽእል
እዩ። ኣብዚ ከም "የቐንየለይ"፡
"የፍቅረካ/ኪ"፡ "ብሉጽ ኢኻ/ኺ"፡
"ንዓኻ/ኺ ምርካበይ ዕድለኛ እየ"
ዝብሉ ቃላት ምዝውታር ብብዚሒ
ይርአ።

2. **ብተግባር ዝስነ ኣገላልጻ ፍቕሪ**

ኣብ'ዚ መጻምዲ ካብ ብቓላት
ብተግባር ንመጻምዶም ዘሕጉስ
ተግባራት ብምግባር ፍቕሮም
ዝገልጹሉ መስርሕ እዩ። እዚ ሰብ
ሓዳር ኣብ ዕለታዊ ማሕበራዊ
ህይወቶም፡ ብምድግጋፍን
ምትሕግጋዝን ክኾዱ ከለዉ እዩ።
ኑቶም ካብ ቃላት ንላዕሊ ፍቕሪ
ብተግባር ክርእዩ ዝደልዩ መጻምዲ
ድማ ኣገዳሲ ነገር እዩ።

3. **ምልጋስ ህያብ**

እዚ ሰብ ሓዳር ህያብ ብምልግጋስ
ፍቕሮም ክገላለጹ ከለዉ ዝርአ
እዩ። ኣብዚ ህያባት ክለዋወጡ ኣብ
ዝህቅኑሉ እዋናት ካብ ብሃውሪ፡
ንድሌታት መጻምዶም ተወኪሶም
ክገብርዎ ይምረጽ። እዚ ምግባር



ኣብ ማእከሎም ንዘሎ ሓድነትን
ምትሕልላይን ኣብ ምትራር ተራ
ኣለዎ።

4. **ብሉጽ ግዜ**

ሰብ ሓዳር ኣብ መንጎኦም ንዘሎ
ምትሕልላይን ምርድዳእን ንምዕባይ
ብሉጽ ግዜ ብምሕላፍ፡ ክዘራረቡ
ሓሳባት ክለዋወጡ ኣድላዪ
ረቛሒ እዩ። ኣብ ምዝርራብን
ምስ መጻምድኻ ብሕትው ኢልካ
ምዕላልን፡ ብዙሕ ክርከብ ዝኽእል
ጥቕምታት ስለ ዘለዎ፡ ፍቕሪ ኣብ
ምውሳኽን ምዕባይን ኣገዳሲ እዩ።
ነዚ ኣገባብ ኣገላልጻ ፍቕሪ ዝመርጹ
መጻምዲ ምስ ዝህልው ድማ ሓጋዚ
ይኸውን።

5. **ኣካላዊ ምትንኻፍ**

ሰብ ሓዳር ኣብ መንጎኦም ካብ
ዘሎ ምትእስሳር ሓደ ኣካላዊ እዩ።
እዚ ከም ኢድ ንኢድ ምትሕሓዝ፡
ምትሕቝቛፍ፡ ተቐራሪብካ ምዕላል፡
ቀው ኢልካ ምጥምማት ወዘተ
የጠቓልል። ኣካላዊ ምትንኻፍ
ኣብ መንጎ መጻምድቲ ንዘሎ
ስነ ኣእምሮኣውን፡ ኣካላውን
ምቅርራባት ኣብ ምዕባይ ኣገዳሲ
ንጥፈት እዩ።

እዞም ዝተጠቕሱ ኣገባባት ኣገላልጻ
ወይ ቋንቋታት ፍቕሪ፡ ኣብ ሰብ
ሓዳር ክከም ኣድላይነቱ ቀጻሊ ምስ
ዝዘውተሩ፡ ሓድሓድ ድሌታትን
ርድኢትን ብምዕባይ ሰባት ጽቡቕ
ሓዳር ንኽህልዎም የኽእል።

ፍቕራዊ ስምዒታት በይኑ መሰረት
ርጉእ ሓዳር ክኸውን ኣይክእልን።
እቲ ስምዒታት ብጭብጢ ኣረዳድኣ፡
ተመኩሮታት፡ ፍልጠት ክስነ ኣገዳሲ
ይኸውን። ማሕበራዊ፡ ቁጠባዊ፡
ስነ ኣእምሮኣዊ ምድላዋት ጌርካ
ዝኣቶ ሓዳር ብተመሳሳሊ፡ ዕዉትን
ቀጻልን ክኸውን ልዑል ተኽእሎ
ኣሎ።

ኣገባባት ኣገላልጻን ርድኢትን
ፍቕሪ፡ ቅድምን ድሕርን ሓዳር
ፍልልያት ክህልዎ ንቡር እዩ። ነዚ
ሰኣን ምፍላጥ፡ ብርክት ዝበሉ ሰብ
ሓዳር ኣብ ህይወቶም ንዘጋጥሞም
ፍልልያት፡ ብንቕሓታዊ መንገዲ
ኣብ ምፍታሕ ክሸገሩ ንቡር
ይኸውን ኣሎ።

ነዚ ብዘላቕነት ንምፍዋስ፡ ኣብ
ዙርያ ቅድምን ድሕርን ሓዳር ዘሎ
ብድሆታትን ፍቕራዊ ህይወትን
ዝግባእ መረዳእታ ብምእካብ፡
ስጡም ስድራቤት ንምምስራትን
ዕዉት ሓዳር ንምምራሕን፡ ሰብ
ሓዳር ዘድለ ንቕሓትን መረዳእታን
ብምድላብ ህይወቶም ክመርሑ
ትጽቢት ይግበር።

*መወከሲ፡*
*Dr. Gary D. Chapman፡ Five languages of love፡ secrets to lasting love*
*Things i wish I'd known before we got married*
*Start marriage right.com*

ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

# “ኤርትራውያን ሃገራውያን ጥራይ ኣይኮኑን፣ ቅኑዓትን ባህላዊ መንነቶም ዝሕልዉን እውን እዮም”

## ኣምባሳደር ፐርሲቨራንስ ምቡዘሊ

*ሚስተር ፐርሲቨራንስ ምቡዘሊ ኩምቫ፡ ኣምባሳደር ደቡብ ኣፍሪቃ ኣብ ኤርትራ ኮይኑ ንኣስታት 6 ዓመት ዘገልገለ እዩ። ንሱ ኣብዘን ኣብ ኤርትራ ዝጸንሓለን ዓመታት፡ ዲፕሎማስያዊ ተልእኾኡ ብዓሚቝ ናይ ዕማሙን ሓድሕዳዊ ምኽብባርን ክልቲኣን ሃገራት ዛዚሙ ክፋና ዝዓለ ዘሎ ዲፕሎማት እዩ። ኣምባሳደር ኩምቫ ኣብ ኤርትራ ኣብ ዝጸንሓሉ፡ ክልተኣውን ብዙሓውን ምትእስሳር ክልቲኣን ሃገራት ኣብ ምሕያል ኣተኩሩ ሰሪሑ። በዚ ኢጋጣሚ ዝጸንሖት፡ ርእሰምርኡ፡ ሃብታም ወርሻ ህዝቢ ኤርትራ ዓሚቝ ናእዳኡ ገሊጹ። ንሱ ኣብዚ ናይ ሰንበታ ናይ ስራሕ ግዜኡ ኣብ ኤርትራ ዘሕለፎ ህይወትን ዘዋህሎ ናይ ስራሕ ተመክሮን ርእይቶኡ ክፋል ምስ ኣራተኒ ናይ ዞተደዶ ሰፊሕ ቃለ መሕተት፡ ጸማቝ ትሕዝቶኡ ብእንግሊዝኛ ኣብ እትሕተም ጋዜጣ ኤሪትርያን ፕሮፋይል (Eritrean Profile) ተኣንጊዱ ነይሩ። ቀዳማይ ክፋሉ ይሰዕብ፦*

**• ኣምባሳደር ኩምቫ፡ ኣምባሳደር ደቡብ ኣፍሪቃ ኣብ ኤርትራ ኴንካ ዝሕለፍካዮ ናይ ስራሕ እዋን ኣብ ምዝዛም ኢኻ ዘለኻ። ክልተኣዊ ዝምድናታት ክልቲኣን ሃገራት ከመይ ትገልጾ፧ ኣብ ኤርትራ ኣብ ዝጸናሕካለን ዓመታት ልዕሊ ኹሉ ተመዝጊቦም እትብሎም ኣገደስቲ ምዕባለታት እንታይ እዮም፧**

መጀመርታ ኣብ ኤርትራ ዝጸናሕኩሉ ዓመታት ዝገደፈለይ ኩሉንትንኣዊ ተምሳጥን ዝሕደረለይ ናይ ስራሕ ጦብላሕታን ከካፍል ንዘተገበረለይ ዕድመን ኣኽብሮትን ኣመስግን። ቀጺለ፡ በዚ ኢጋጣሚ’ዚ፡ ኣብ ኤርትራ ናይ ስራሕ ግዜይ ኣብ ዝዛዘመሉ ዘለኹ እዋን ኢና ነዕልል ዘለና። ቡቲ ኣብ ኤርትራ ዝሕለፍክዎ ዓመታት፡ ነዚ ዕድል እዚ ተጠቒመ ኣብ ሰብ-ስልጣንን ህዝብን ኤርትራ ዝተገበረለይ ምቕሉል ኣቀባብላን ኣኽብሮትን ዘለኒ ዓሚቝ ምስጋናይ ክገልጽ እደሊ።

ቀጺለ፡ ኣብ ዝሓለፉ ዓሰርተ ዓመታት ኣብ ኤርትራ (ብሓፈሻዊ ኣጠማምታ)፡ ብዙሕ ነገራት ተዓሚሙ እዩ ክብል እኽእል። ብፍላይ ኣብ ዓውዲ ዲፕሎማሲ መዳርግቲ ዘይብሉ ዓወት ኣመዝጊብና ኢና። ፖለቲካዊ ርክባትን ክልተኣዊ ዝምድናታትን ክልቲኣን ሃገራት ኣብ ልዑል ደረጃ በጺሑ ኣሎ። ኣነ ካብ ዝመጽእ ጀሚርና፡ ኣብ መንጎ ደቡብ ኣፍሪቃን ኤርትራን ላዕለዋይ ደረጃ ዘለዎ ርክባት ክም ዝገበርና ንዝክር። ብፍላይ ድማ ምክትል ሚኒስተር ኣህጉራዊ ርክባት ደቡብ ኣፍሪቃ ኣብ ጥቅምቲ 2025 ኣብ ኤርትራ ዘካየዶ ምብጻሕ፡ ብፍሉይ ዝጥቀስ’ዩ። እዚ ድማ፡ ኣብ ባህላዊ መዳይ፡ ህዝቢ ምስ ህዝቢ ከምኡ እውን፡ ኣብ ትምህርቲ ንዘተኻየዱ ብዙሓት ካልኦት ርክባት ዘጠቓለለ ነይሩ። ስለዚ፡ ኣዝዩ ዕዉት ዓመታት ነይሩ ኢለ ክገልጾ እኽእል። ግዳ ገና ብሕጂ ክዕመሙ ዘለዎም ብዙሓት ስራሓት’ውን ስለ ዘለዉ፡ እቲ ዝትክኣኒ ዲፕሎማስኛ ነዚ ክቕጽሎ ተስፋ እገብር።

**• ኤርትራን ደቡብ ኣፍሪቃን ኣብ ታሪኽ ንሓርነታዊ ቃልሲ ተመሳሳሊ ታሪኽ ዘለወን ሃገራት እየን። ጓል ነፍስሄር ፕረዚደንት ደቡብ ኣፍሪቃ ነበር ኔልሰን ማንዴላ፡ ሚስ ናንዲ ማንዴላ፡ ኣብዚ ቐረባ እዋን ኣብ ኤርትራ ኣብ ዘካየደቶ ምብጻሕ፡ ክልቲኣን ሃገራት ኣብ ኣህጉርና ኣፍሪቃ ቀጠባዊ ሓርነት ንምንቅስቓስ ዘይተኣደነ ዓቕሚ ዘለወን፡ “መዂ” ምዃነን ገሊጻ ነይራ። እቲ “ንግዲ እምበር ሓገዝ ኣይደልን” ዝብል ራእይን ምህናጽ ማዕረ ሽርክነት ምፍጣርን፡ ንናይ ልኡኽ ደቡብ ኣፍሪቃ ኣብ ኤርትራ ዝሰርሖ ንጥፈታት ብኸመይ ይግለጽ፧**

እወ፡ ከምቲ ዝጠቐስካዮ ሚሲ ናንዲ ማንዴላ፡ ቅድሚ ሓደ ወርሒ ኣቢላ ኣብ ኤርትራ ናይ ምብጻሕ መደብ ኣካይዳ ነይራ። ብሓቂ ድማ፡ ኣብ ሓያሎ ከባቢታት ኤርትራ ክትብጽሕ ዕድል ረኺባ ነይራ። ተበግሶታት ሕርሻን ልምዓት ትሕተ ቅርጽን ሓዊሱ ኣብ ሓያሎ ፕሮጀክትታት ዑደት ብምግባር ድማ፡ ምዕባለታት ተዓዚባን ምስ ዝተፈላለዩ ሓለፍቲ ጽላታት ተራኺባን። ኣብቲ ምብጻሓ እቲ ዕዉት ክፋል ኢልና ክንወስዶ ዝኽእል እንታይ እዩ ነይሩ ንዝብል፡ ንሳ ብቐጥታ ኑቲ ንሕና ከም መንግስታት ደቡብ ኣፍሪቃን ኤርትራን ክንበጽሖ እንደሊ ብቐጥታ ምዝርራብ እዩ ነይሩ። ኣብ ሓገዝ ኣይንኣምንን ኢና። ኣብ ንግዲ ንኣምን ኢና። እዚ ወግዓዊ ፖሊሲ፡ ኔልሰን ማንዴላ ዝጣበቐሉ ዝነበረ ስነ ሓሳብ ኮይኑ፡ እቲ ዘሎ ናይ ሕጂ መንግስቲ ሃገረይ እውን ነዚ መንገዲ እዚ ክስዕቦ ዝምርጾ እዩ።

ንሕና ኣብ ማዕረ ሽርክነት ኢና እንኣምን። ብብልሒ ዝተሰነየ ምትሕግጋዝ (smart partnerships) ድማ ኢና ንኣምን። ኢድካ ናይ ምዝርጋሕ ወይ ናይ ምጽዋታ ባህሊ ምምዕባል ኣይንኣምንን ኢና። በዚ ምኽንያት እዚ፡ ኣብ መንጎ ሪፓብሊክ ደቡብ ኣፍሪቃን ሃገረ ኤርትራን ድልዱል ቀጠባዊ ርክባትን ሓባራዊ ስራሓትን ናይ ምምስራት ዕድላት ኣዝዩ ዓብዩን ብሩህን እዩ። ኤርትራ ድማ፡ ኣብቲ ደቡብ ኣፍሪቃ ኣብ ናይ ንኣሽቱን ዓበይትን ኢንዱስትሪታት ዘለዋ ዓቕሚ ዓብዪ ረብሓ ክትረኽብ ትኽእል እያ ዝብል እምነት ኣሎኒ። ነዚ ድማ፡ ብመንፈስ “ደቡብ-ደቡብ ምትሕግጋዝ” (South-South co-operation)፡ ኣብ ትሕቲ ሕብረት ኣፍሪቃ (African Union) ከምኡ እውን፡ ንናይ ዞባዊ ምውሃድ (re-gional integration) ጸንሰ-ሓሳብ (ኣምር) ብዕምቈት ብምርዳእ ክንምስርቶ ንኽእል ኢና።

ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ኣብ ደቡባዊ ጫፍ፡ ኤርትራ ድማ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ናይዛ ክፍለ-ዓለም ኣብ ክልተ ጫፋት’ኳ እንተ ሃለዋ፡ ብሓባር ክንሰርሖ እንኽእል ሰፊሕ ዕድላት ኣሎ ኢልና ኢና ንኣምን። ኤርትራ፡ ኣብቲ ሞዴል ናይቲ ዝዓለየ “ባዕላዊ ምርኩሳ” (self-reliance) እያ። ነዚ ድማ፡ ኣብ ሕርሻ፡ ጽሬት ከባቢ ከምኡ እውን፡ ኣብ ውሽጣዊ ዓቕሚ ዝተሰረቱ ንኣሽቱ ንግዳዊ ንጥፈታት ዘመዝገቡዎም ዓበይቲ ዓወታት ርኢናዮ ኢና። ብተመሳሳሊ መንገዲ፡ ንሕና እውን ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ንህዝብና፡ ብፍላይ ድማ ኑቶም ብታሪኽ ድኽነት ዘለዎም ወገናት ክፋል ሕብረተሰብና ንምሕያል ዝከኣለና ንገብር ኣለና። ናይ ሓባር ታሪኽናን ኩብሪ ህዝብናን ንምሕያልን ንምምላስን ዘለና ተወፋይነት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ብሓባር ክንበጽሖ እንኽእል ዕዙዝ ነገር ምህላዉ እኣምን።

**• ብናትካ ኣረኣእያ፡ ኣብ መንጎ ኤርትራን ደቡብ ኣፍሪቃን ዘሎ ቀጠባዊ ምትሕግጋዝ ንምስፋሕ ዝያዳ ተስፋ ዘለዎም ዓውድታት ኣየኖት እዮም፧ ብዛዕባ ሕርሻን መሰረተ-ልምዓትን ዝግበሩ ዘተታት ርኢና ኢና። ኣብ መጻኢ (ኣብ ቀረባ እዋን) ንወፍሪን ምልውዋጥ ፍልጠትን ደቡብ ኣፍሪቃ ብዝምልከት፡ እንታይ ዓይነት ጭቡጥ ዕድላት ክህሉ ኢልካ ትግምት፧ ኣብ ዞባዊን ኣህጉራዊን መድረኻት ዘሎ ምውህሃድ ክልቲኣን ሃገራትከ ከመይ ኣሎ ትብል፧**

ቅድም ቀዳድም ብጽላት ዕደና ክጅምር። ኤርትራ ኣብ’ዚ ዓውዲ ዓቢዩ ዓቕሚ ዘለዋ ሃገር እያ። በዚ መሰረት ንናይ ነዊሕን ሃብታምን ተመኩሮ ደቡብ ኣፍሪቃ ኣብ ዓውዲ ዕደና ኣብ ግምት ብምእታው ድማ፡ ንሓድሕድና ቀጠባና ንምድጋፍ ብሓባር ናይ ምስራሕን ኢድ ንኢድ ናይ ምትሕሓዝን ዓቢ ዕድል ኣለና። ከመይሲ፡ ዓውዲ ጽላት ዕደና ዓንዲ ሕቘ ቀጠባ ምዃኑ ንኣምን። ከምኡ ዓውዲ ጸዓት እውን፡ መሰረተ-ልምዓትን (ኣብ ኩሉ ንኣሽቱ፡ ማእከሎትን ዓበይትን ደረጃታት) ኣገዳሲ እዩ። እዚ ንኣብነት፡ ኑቶም ዓቢ ዓቕሚ ዘለዎም ወደባት (ports) ናይ ምሕዳስን ምምዕባልን ተኽእሎታት ዘጠቓልል ክኸውን ይኽእል። ኣብዚ ዓብዩ ዓቕሚ ኣሎ። ንሕና ድሮ ኣብ ኣፍሪቃን ኣብ ገለ ካብ ኣፍሪቃ ወጻኢን ንጡፋት ኣለና። ክንዮ ወደባት፡ መሰረተ-ልምዓት ትሕተ ቅርጺ ባቡርን ጽርግያን እውን ኣሎ። ኣብዞም ዓውድታት እዚኦም ዓቢዩ ዓቕሚ ስለ ዘለና፡ ኤርትራ ብሓቂ ካብኦም ክትጥቀም ከም እትኽእል ኢና ንኣምን።

ኣብ ዞባውን ኣህጉራውን መድረኻት ብዛዕባ ዘሎ ምውህሃድ ክዝረብ ከሎና፡ ድሮ ኣብ ግብሪ ዝወዓለ ኣገባብ ኣሎና። ንዕኡ ከነደልድሎ ድማ የድልየና - ብፍላይ ካብ ክልተኣዊ ናብ ብዙሓዊ መድረኻት፡ ከምኡ እውን ካብ ሓንቲ ሃገር ናብ ዝሰፍሐ ዞባ ኣብ እንሰጋገረሉ ዘለና እዋን ከሐይሎ የድልየና። ደቡብ ኣፍሪቃ ኣዚያ ንጥፍቲ ኣባል ሳድክ (ማሕበረሰብ ልምዓት ደቡብ ኣፍሪቃ) ኮይና ብተመሳሳሊ ኣብ ሕብረት ኣፍሪቃ ንጡፍ ተራ ትጻወት። በዚ መዳይ እዚ፡ ኤርትራ ነቲ ናይ ዞባዊ ምውህሃድ ጽንሰ-ሓሳብ ተጣባቒትን ተተግባሪትን ስለ ዝኾነት፡ ብሓባር ክንሰርሖም ዝኽእሉና ብዙሓት ነጥብታት ከም ዘለዉ ብጽኑዕ ንኣምን።

ክቡር ፕረዚደንት ሃገረ ኤርትራ፡ ብዛዕባ ዞባዊ ምውሃድ ዓቢ ድሌትን ተገዳስነትን ኣለዎ። ነዚ ነጥቢ እዚ ድማ፡ ምስኡ ኣብ ዝገበርዎ ርክብ ስለ ዘጉልሖ ኣጸቢቐ ዝፈልጦ እዩ። ደቡብ ኣፍሪቃን ኤርትራን ከም ዞባውያን መሻርኽቲ ብሓባር ንምስራሕን ትካላት ሕብረት ኣፍሪቃን ካልኦት ኣህጉራዊ መድረኻትን ንምስፋሕን ንምሕያልን ዘኾነ ገደብ የብሉን። በዚ መዳይ’ዚ፡ ኣብ ንግድን ወፍርን ዝምልከት፡ ካብ ደቡብ ጫፍ ክሳብ ሰሜናዊ ምብራቕ ቀርኒ ኣፍሪቃን ሓባራዊ ባይታ ክንረክብ ክልቲኣን ሃገራት ኣዝዮም ጠቓምቲ ዝኾኑ መድረኻት ከጣይሳ ይኽእላ እየን ዝብል እምነት ኣሎኒ። ካብዚ ተበጊስና ድማ፡ ብሓባር ኣዝዩ ንጡፍ ዞባዊ ቀጠባዊ ወህደት ንምምስራት ክንሰርሕ ንኽእል ኢና።

ኣብ ኣህጉራዊ ደረጃ፡ እወ ብድሆታት ኣለዉ። ከም ኣካል ናይተን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት መጠን፡ ምዕሩይነት የለን። ብፍላይ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ቤት ምኽሪ ጸጥታን ኣብ ካልኦት ትካላት ውድብ ሕቡራትን ምስተን ዝማዕበላ ሃገራት ማዕረ ዕድል የብልናን። በዚ ምኽንያት እዚ ድማ ኢና ጸገና (ምምሕያሽ) ውድብ ሕቡራት ሃገራት ክግበር ንጽውዕ ዘለና። ኵሎም ማሕበረሰብ ዓለም ክጥቀሙ፡ ኲለመዳያዊ ክለሳ የድልዮ እዩ ኢልና ንኣምን። ንእሽቶ ሃገር ዝበሃል የለን - ኲለን ሃገራት ማዕረ ስለ ዝኾና።

**ይቕጽል...**



ፐርሲቨራንስ ምቡዘሊ ኩምቫ

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ጸብጻብ ጸወታታት ኩዕሶ እግሪ ዋንጫ ዓለም 2026 |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | መደብ ቡያ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ዕላል ጥበባት |
| 14:20 | ተክ ኢንሳይት |
| 15:00 | ፓኖራና |
| 15:30 | ዶክመንታሪ |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | መደብ ናትራን |
| 19:25 | ፊዮሪና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ዜና ስፖርት |
| 20:25 | ፊልም ገጽታ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም ፈንቅል |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እትመት |

# ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

## ትራምፕ፡ ምስ ኢራን ዝተበጽሐ ስምምዕ ከም ዘብቀዐ ኣፍሊጡ



ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ምስ ኢራን ዝተበጽሐ ናይ ምርድዳእ ማዕቀፍ ከም ዘብቀዐ ድሕሪ ምሕባር፡ ምስታ ሃገር ዝግበር ልዝብ ግዜ ምብኻን ጥራሕ ምዃኑ ኣፍሊጡ።

ትራምፕ እዚ ዘፍለጠ፡ ኣመሪካ፡ ኣብ መጻብቦ ሆርሙዝ ኣብ ልዕሊ ናይ ጽዕነት መራኽብ ቀጠርን ስዑዲ ዓረብን ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ሰዒቡ፡ ኣብ ልዕሊ ኢራን ሓያል መጥቃዕቲ ከም ዘካየደት ድሕሪ ምግላጻ'ዩ።

ማእከላይ እዚ ሓይልታት ኣመሪካ (ሰንትኮም)፡ ኣብ ልዕሊ 80 ዕላማታት ኢራን (እንተላይ ኣብ'ቲ መጻብቦ ዝርከብ ልዕሊ 60 ንኣሽቱ መራኽብ ሓለዋ ሰውራ) መጥቃዕቲ ከም ዝፈጸመ ኣፍሊጡ።

ምክትል ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኢራን ብወገኑ፡ እቲ መጥቃዕቲ፡ ነቲ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ እተፈረመ ናይ ምርድዳእ ዝጥሓስ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ኢራን ቁራጽ ስጉምቲ ከም እትወስድ ኣጠንቂቑ።

እቲ መጥቃዕቲ ኣብ ደሴት ቀሽም፡ ጥንዳር ዓባስን ሰሪክን ዝተፈጸመ ኮይኑ፡ ከም ሳዕቤኑ ብዙሓት ሰባት ከም ዝቘሰሉ፡ መንግስታውያን ማዕከናት ዜና ናይታ ሃገር ሓቢረን።

ይኹን'ምበር፡ ኢራን፡ ነቲ ኣመሪካ ናይ ግብሪ መልሲ መጥቃዕቲ ንኽትካይድ ምኽንያት ዝኾና፡ ትማሊ ሰሉስ ኣብ ልዕሊ ናይ ጽዕነት መራኽብ ዝፈጸመቶ መጥቃዕቲ ዛጊት ሓላፍነት ኣይወሰደትሉን።

ኣመሪካ፡ እቲ "ብፍጹም ተቐባልነት የብሉን" ክትብል ዝገለጸቶ መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊ ክልተ መራኽብ፡ ሳዕቤን ከም ዘህሉዎ ኣቐዲማ ኣጠንቂቓ ነይራ።

ኣመሪካ ነቲ መጥቃዕቲታት ቅድሚ ምፍጻሙ ክፍሊ. ግዝኣ ኣመሪካ፡ ነቲ ኣብ ልዕሊ ኢራን ተኻቢሩ ዝበረ ናይ ኑዳዲ እገዳ ብዝገዝያውት ዘልዓለ ፍሉይ ፍቓድ ምስራዙ ይፍለጥ።

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኢራን ብወገኑ፡ ነቲ ስጉምቲ "ምግዛስ ሰድ ማዕቀፍ ምርድዳእ" ክብል ድሕሪ ምኽናኑ፡ እቲ ስጉምቲ መንግስቲ ኣመሪካ ዘይእመን ምዃኑ ዘረጋግጽ ምዃኑ ኣረዲኡ።

ኢራን፡ ሃገራዊ ረብሓታታን ድሕነታን ንምሕላው፡ ኣገዳሲ እትብሎም ስጉምቲታት ከም እትወስድ፡ እቲ ብዓል ስልጣን ወሲኹ ገሊጹ።

## ዩክሬን ንኔቶ ትምሕጸን



ፕረዚደንት ዩክሬን ቮሎድሚር ዘለንስኪ፡ ኣብ ቱርኪ ኣብ ዝተኻየደ ዋዕላ ኣባላት ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ)፡ ሃገሩ ካብ ሩሲያ ክመጽኣ ዝኽእል መጥቃዕቲ ንምክልኻል፡ ኣባላት ናይ'ቲ ኪዳን ብህጹጽ ዘድልያ ስርዓት ምክልኻል ኣየር ከቕርባሉ ከም እተማሕጸነ ተሓቢሩ።

ዘለንስኪ ኣብ ምሕጽንታኡ፡ "ካልእ ኩሉ ባዕልና ክንገብሮ ዓቕሚ ኣለና። ኣብ ጉዳይ ምክልኻል ኣየር ግን ሓገዝ መሓዙትና የድልየና'ዩ" ኢሉ።

ሚሳይላት ሩሲያ፡ ሓደ ሰሙን ኣብ ዘይመልእ እዋን ሰለስተ ግዜ ኣብ ርእሲ ከተማ ዩክሬን ድሕሪ ምዕላቦም፡ ልዕሊ 60 ሲቪላት ከም ዝተቐትሉ ብምግላጽ እዩ እቲ ፕረዚደንት ነቲ ምሕጽንታ ዘቕረበ ዘሎ።

ዩክሬን፡ ናይ ገዛእ ርእሳ ናይ ነዊሕ ርሕቀት ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ብምጥቃም፡ ንመጻረዪ ነዳዲን ወተሃደራዊ ዕላማታትን ሩሲያ ብምህራም፡ ኣብታ ሃገር ሕጽረት ነዳዲን ምቁራጽ ሓይሊ ኤሌክትሪክን ኣስዒባ ምንባራ ይዝከር።

ከም ግብረ መልሲ ናይ'ዚ ድማ፡ ሩሲያ፡ ፡ ኣብ ልዕሊ ዩክሬን መጥቃዕቲ ነፈርትን ሚሳይላትን ከም ዘሐየሉቶ ይፍለጥ።

ከንቲባ ከተማ ሞስኮ ሰርጌይ ሶብያኒን፡ ካብ'ተን ካብ ዩክሬን ናብ ሞስኮ - ርእሰ ከተማ ሩሲያ ዝተላእካ 430 ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ፡ መብዛሕትአን ከም ዝተዓገታ ገሊጹ።

## ሩሲያ፡ ናብ ዩክሬን ባለስቲካዊ ሚሳይላት ተኲሳ

ሩሲያ፡ ኣብ ልዕሊ ከተማ ኪየቭ - ዩክሬን ናይ ባለስቲካዊ ሚሳይል መጥቃዕቲ ከም ዘካየደት፡ ሰብ ስልጣን ናይ'ታ ሃገር ትማሊ ረቡዕ ገሊጾም።



ሩሲያ፡ ኣብ ውሽጢ ሰሙን ዘይመልእ እዋን ኣብ ልዕሊ ርእሰ ከተማ ዩክሬን መጥቃዕቲ ክትፍጽም እዚ ንሳልሳይ ግዜኣ እዩ።

ሓይሊ ኣየር ዩክሬን፡ ካብ 169 ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ነተን 139 ከም ዘምከነን ክሕብር እንከሎ፡ ካብ'ቲ ዝተተኮሰ ሓሙሽተ ባለስቲካዊ ሚሳይላት ግን ንዋላ ሓደ ከውድቕ ከም ዘይከኣለ፡ ጸብጻብ ናይ'ቲ ሓይሊ ኣየር ኣመልኪቱ።

ሩሲያ፡ ኣብ ልዕሊ ዩክሬን ከተካይዶ ዝጸንሐት ናይ ኣየር መጥቃዕትታት ዝያዳ ኣሐይሊቱ ከም ዘላ እዩ ዝሕብር።

ካብ መጀመርታ ናይዚ ሒዝናዮ ዘለና ወርሒ ሓምለ ንደሓር ጥራይ፡ ሩሲያ ኣብ ኪየቭን ከባቢኣን ብዘካየደቶ መጥቃዕቲ 60 ሰባት ከም ዝተቐትሉ ይግለጽ።

## ኣመሪካ፡ ምስ ሰጳኛ ዘጸንሓ ንግዳዊ ርክብ ትበትኽ

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ትማሊ ረቡዕ ኣብ ዋዕላ ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ) ንሓሊፌ ክፍሊ. ግዝኣ ሃገሩ ሰኑት በሰንት፡ ኣመሪካ ምስ ሰጳኛ እትገብሮ ኩሉ ዓይነት ንግዲ ክቋረጽ ከም ዝኣዘዘ ገሊጹ።




ትራምፕ፡ ኣብ ምጅማር ናይቲ ኣብ ኣንካራ ዝተኻየደ ዋዕላ ምስ ዋና ጸሓፊ ኔቶ ማርክ ሩተ ብምዃን ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ምስ ሰጳኛ ዝኾነ ርክብ ክህሉ ከም ዘይደሊ ሓቢሩ።

ትራምፕ፡ ኣብ ልዕሊ'ታ ኣብ ሓደሽ ሸቶ ወጻኢታት ምክልኻል ኔቶ ዘይተሰማምዐትን ኣብ ኩናት ኢራን ከኣ ኣመሪካ ንክሊ ኣየራ ክትጥቀመሉ ፍቓድ ምሃብ ዝኣበየት ሰጳኛ ዘለዎ ቅሬታ ብተደጋጋሚ ከሰምዕ ምጽንሑ ይፍለጥ።

ትራምፕ፡ "ሰጳኛ ኣብ ዝኾነ ነገር ኣይትሰማማዐን እያ። ስለ'ዚ ኣብ ንግዳዊ ንጥፈታት ምሳና ክትሳተፍ የብላን" ክብል ንሩተ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ ኣረዲኡ።

ኣመሪካ፡ ኣብ ሰጳኛ ክልተ ኣገደስቲ ወተሃደራዊ መዓስከራት፡ ማለት መደበር ሓይሊ ባሕሪ ሮታን መደበር ሓይሊ ኣየር ሞሮንን ከም ዘለዋ ይፍለጥ።

ወኪልቲ መልእኽቲ ወተሃደራዊ ቤት ጽሕፈት ኣመሪካ (ፔንታጎን)፡ ኣንጻር ኢራን ኣብ ዝግበር ስርሒታት ንኣመሪካ ክድግፋ ኣይክኣላን ዝበለን መሓዙት ኔቶ ዝኾና ሃገራት ክቐጽዓ ኣለወን ኢሉ ናብ ትራምፕ ምሕጽንታ ኣቕሪቡ ምንባሩ፡ ሓደ ብዓል ስልጣን ኣመሪካ ኣብ ዝሓለፈ ሚያዝያ ንሮይተርስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ ገሊጹ ነይሩ።

እዚ መቕጻዕቲ ንሰጳኛ ካብ'ቲ ኪዳን ምእጋድ ዘጠቓልል ኣማራጺታት ዝሓዘ ምንባሩ'ውን እቲ ብዓል ስልጣን ኣብ'ቲ ሽዑ ዝሃቦ ሓበሬታ ምጥቃሱ ኣይርሳዕን።

## ደንማርክ፡ ልኡላዊ መሬታ ኣሕሊፋ ከም ዘይትህብ ኣፍሊጣ



ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣመሪካ ንግሪንላንድ ክትቆጻጸራ ከም ዘለዋ ዳግማይ ድሕሪ ምግላጹ፡ ደንማርክ ልኡላዊ መሬታ ክትትከላኸል ምዃና ቃል ኣትያ።

ቀዳመይቲ ሚኒስተር ደንማርክ ሜቲ ፍረደሪክሰን፡ "ካብ ኣመሪካ መጥቃዕቲ እንተ ኣጋጢሙና፡ ንናይ ገዛእ ርእስና መሬትን መሬት ኣባል ሃገራት ኔቶን ክንከላኸል ድሉዋት ኢና፡" ኢላ።

እታ ቀዳመይቲ ሚኒስተር፡ ቅድሚ ዋዕላ መራሕቲ ኣባል ሃገራት ኔቶ ኣብ ዝሃበቶ መግለጺ፡ "ግሪንላንድ ብርግጽ ንመሸጣ ትወርድ ኣይኮነትን። ኩለን መሓዙት ሃገራት፡ መሰል ርእሰ ምሕደራን ውሳኔን ግሪንላንድ ከኽብራ ተስፋ ንገብር፡" ክትብል ወሲኻ ተዛሪባ።

ትራምፕ ኣብ ድሮ ናይቲ ዋዕላ፡ ኣመሪካ ነታ ግዝኣት ዴንማርክ ዝኾነት ርእሰ ምምሕዳር ግሪንላንድ ክትቆጻጸራ ከም ዘለዋ ብምግላጽ፡ ነቲ ኣርእስቲ ዳግማይ ከም ዘለዓዓሎ ይሕበር።

ትራምፕ ወሲኹ፡ ኣባላት ኔቶ ዝኾና ሃገራት ኣንጻር'ቲ ኣቐዲሙ ንግሪንላንድ ንምሓዝ ዝገበሮ ጻዕሪ ከም ዘሰርሓ ብምሕባር፡ በቲ ወተሃደራዊ ኪዳን ሕጉስ ከም ዘይኮነን እቲ መሬት ድማ ንኣመሪካ ደኣ'ምበር ንዴንማርክ ኣገዳስነት ከም ዘይብሉን ትማሊ ሰሉስ ገሊጹ።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ. |
| --- | --- | --- | --- |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ራህዋ | 09/07/2026 | ጎደና ሃገር ቁ.20፡ ፊት መስጊድ ገዛ ጥንዳ ጥልያን | 119802 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ		ቁ.ቴሌፎን 127565


Sabur Printing Services